**ኣርባዕተ ሓያላት ግዝኣታት ከም ቀንዲ ምንጪ ኵናታት ዝሳዓረሉ ኳይነን ክቕልቀላ ኢየን**

ቀዳም፣ መስከረም 21, 2013 ሰዓት 12፣22

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ዓለይ፣ ሓይሊ ናይ'ቲ ሓሳዊ ነቢይ እንዳዓበየ ክኸይድ እንከሎ ኣብ ዓለም ብዙሕ ነገር ክኸዉን ኢዩ፣ ዝኾነ ንዕኡ ክብድህ ዝደፍር ድማ ክጉሰ ኢዩ፣ ኣብ'ቲ ዝላዓለ ጽፍሒ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ከይተረፈ።

**ኣብ ኣርባዕቲኡ ክፋል ዓለም ፖለቲካዊ ዘይምቅዳው ክመጽእ ኢዩ። ኣርባዕተ ሓያላት ግዝኣታት ከም ቀንዲ ምንጪ ኩናታት ዝሳዓረሉ ኳይነን ክቕልቀላ ኢየን። እዚኤን ኣርባዕተ ግዝኣታት ሓይለን ክዓቢ እንከሎ፣ ንብዙሕ ክፋል ዓለምና ክቆጻጸርኦ ኢየን፣ ግን ንኹላ ዓለም ኣይክኸውንን ኢዩ፣ እዚ ብኣቦይ ዝፍቀድ ኣይኮነን እሞ።**

ነፍሲ ወከፍ እዚኤን ሃገራት ኣብ ሞንጎኤን ክዋግኣ ኢየን፣ ዋላ'ኳ ብሓባር ንሰርሕ ኢና ይበላ እምበር። ዘይምትእምማን እንዳዓበየ ክኸይድ እንከሎ፣ ካብ ሓድሕዶም ክበላለጹ ክፍትኑ ኢዮም፣ እቲ ውግእ ድማ ክቕጽል ኢዩ። ዓብዪ ክፋል መሳኪን ህዝብታተን ድማ ክድምስሳኦ ኢየን። እቶም ዝገዝእዎም ህዝብታት ድማ ብዙሕ ሓይሊ ኣይክህልዎምን ኢዩ፣ ዲሞክራሲ ከም'ዚ ብፈትሊ ጠልጠል ኣብ እትብለሉ። **እዚኦም ንጹሃትን ዝሳቐዩን ህዝብታት ኢዮም ናይ እግዚኣብሄር ዑቕባ ዝዋሃቦም፣ እቲ ማሕተም ህያው እግዚኣብሄር እንተለዎም ማለት'ዩ።**

**ነዚ ካብ እግዚኣብሄር ዝዋሃብ ነጻ ህያብ ኣይተነኣእስዎ። ኣብ እዋን ኩናታት እቲ ማሕተም ህያው እግዚኣብሄር ካብ ስጋዊ ኣካላዊን ሞት ኬድሕነኩም ኢዩ። በጃኹም ነዚ ክሳብ ዝካኣለኩም ኣብ ነፍሲወከፍ ሃገራት ናብ ዘለዉ ህዝብታት ኣብጽሑዎ።**

ግብጺን ሶርያን ኣብ ናይ ሓይሊ ቃልሲ ክሸመማ ኢየን፣ እዚ ድማ ንእስራኤል ሳዕቤን ክህልዎ ኢዩ። ጸላእቲ እቶም ኣይሁድ ብዙሓት ኢዮም። ኩሉ ነዚኤን ክልተ ሃገራት ዝዓለመን ንክልቲኤን ሃገራት ዘሳትፍን ውግእ፣ ንእስራኤል ዘሳትፍ ናይ መወዳእታ ውግእ ክስዕብ ኢዩ፣ ካብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ንደሓር ካብ ዝተራእየ እቲ ዝኸፍኤ ህልቂት ክገጥሞም ኢዩ።

ምድምሳስን ምትንሳእን የሩሳሌም ኣቐዲሙ ተነጊሩ ኢዩ፣ እቶም ትንቢታት ቅድሚ ምፍጻሞም እዚኦም ውግኣት ክሓልፉ ኣለዎም።

ናትኩም የሱስ

**ሓሶታት ብምቕባል ብዙሓት ክጠልሙኒ ኢዮም**

ቀዳም፣ መስከረም 21, 2013 ሰዓት 13፥45

**ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ሓይለይ ኣብ ልብታት ኣመንቲ ክግንፍል ኢዩ፣ ሕጂ ንሳቶም፣  ዋላ'ኳ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንይ ነቲ ዓብዪ ክሕደተ-እምነት ክርእይዎ ይጀምሩ፣ ብመንገዲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ናይ ህድኣት ስምዒት ክስምዖም ኢዩ።**

**ብሓይሊን ከብሪን ፍቑር ኣቦይ፣ ኣነ፣ ንዓኹም ንፍቱዋት ደቀ-መዛሙርተይ፣ ኣብ'ዘን ፈተናታት፣ ዓብዪ ጽንዓትን ትብዓትን ክህበኩም ኢየ። እዞም ህያባት ብመንገዲ ጸሎታት ገድሊ ኢዮም ዝዋሃቡኹም ዘለዉ፣ ምኽንያቱ ብዘይ ንሳቶም'ሲ ኣብ ነቲ ቅድሜኹም ዝመጽእ ሃይማኖታዊ ምስጓግ ክትጻወሩዎም ኣይክትክእሉን ኢኹም።** እዞም ህያባት ዝዋሃቡኹም ዘለዉ'ሲ መታን ነቶም ካብ ሰማያት ዝመጽእ ጻውዒተይ ዝኣብዩን፣ ብግርህነት፣ ናብ'ቲ ኩሉ ሲኦል ዝፍታሓሉ በዓቲ ኣንበሳ ብጌጋ ዝኣትዉ ካልኦት ኬተድሕኑ ክትክእሉ ኢዩ። ሓንሳብ፣ ኣብ'ቲ በዓቲ ደልሃመት ምስ ኣተዉ፣ ናብ ኣረሜናዊ ወግዒታት ክሳሓቡ ኢዮም። ነፍሲታቶም ንኽፉእ መንፈስ ክኽፈታን፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ድማ፣ ነቲ ሓቂ - ነቲ ካብ መጀመርያ እተሓንጸጸ  ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር - ክዓውሩ ኢዮም ።

ብዙሓት ንሓሶታት ብምቕባል ክጠልሙኒ ኢዮም። እንተኾነ ግዳ፣ ብሞት ኣብ መስቀል እቲ ሓቂ ተዋሂብዎም ኢዩ። ብዙሓት ደቀ-መዛሙርተይ፣ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝተመላለስክሉ ግዜ፣ ቅድሚ ስቕለተይ ኣብ ዝነበሩ መዓልታት ጠሊሞምኒ ኢዮም። ነቶም ፈሪሳውያን ብምምሳል፣ ነዚኤን ቃላት ዓው ኢሎም ኣውጽኡ፣ “ካባይ ርሓቕ፣ መናፍቕነት ትዛረብ ኣለኻ። ነቶም ብስም እግዚኣብሄር ዝዛረቡ ፈሪሳውያን ተባጭወሎም ኣለኻ። ሓሳዊ ኢኻ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክፍኣት ኢኻ ትዛረብ። ንስኻ ወዲ ሰይጣን ኢኻ።”

ሕጂ ንኩሉኹም ንዳግማይ ምጽኣተይ ኣብ ዘዳልወኩም ግዜ፣ ነዚኤን ተመሳሳሊ ክሲታት ክትድርጉሑ ኢኹም። ሕጂ መጺኤ ኣለኹ፣ ብመንገዲ እዚኤን መለኮታውያን መልእኽታት ካብ ሰማይ፣ ነቲ ሓቂ ከምጽኣልኩም፣ ዋላ'ኳ ኩሉ ብዛዕባይ ትፈልጡ ኩኑ እምበር። ነዚ ዝገብረሉ ዘለኹ ምኽንያት'ሲ እቲ ሓቂ ካብ ቤተ ክርስቲያንይ ክውገድ ስለዝኾነ ኢዩ። ኣብ ቀረባ ግዜ ብስመይ ሓሶት ክትቅበሉ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን እቲ ሓቂ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣይክርከብን ኢዩ።

ነዚኤን ቃላት ዘክሩ። ኣነ ዝመጻሉ ምኽንያት ነቦይ ዝኣተኹሉ ሙብጽዓ ንምፍጻም ኢዩ። ነቲ ቃል ዝተኣትወልኩም ናይ መወዳእታ ድሕነት ከምጽኣልኩም ኢየ ዝመጽእ። ሰይጣን እዚ ክኸዉን ኣይደልን ኢዩ፣ ኮይኑ ግን ደው ከብለኒ ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ዝገብሮ ነገር ግን ደቂ እግዚኣብሄር ነቲ ናይ መወዳእታ ምሕረተይ ከይቕበሉ ምኽልካሎም ኢዩ። ነዚ ብሓገዝ እቶም ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያንይ ዘለዉ ዘስድዖም ጸላእተይ ኢዩ ክፍጽሞ።

ኣቱም ደቂስኩም ዘለኹም ተበራበሩ። ከም ሰራቒ ብለይቲ ኢየ ክመጽእ። እቶም እተዳለዉ ጥራይ ኢዮም ክድሕኑ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት ንኣቕሸሽቲ፦ ንምድራዊት ቤተክርስቲያን ወደይ ሓቀኛታት ኲንኩም ክትጸንሑ'ሲ ንመጓስኡ ክትቅልቡ ድሉዋት ኲንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም**

ሰኒ፣ መስከረም 23, 2013 ሰዓት 13፣30

**'ዛ ጓለይ፣ እቶም ናይ መወዳእታ ለውጢታት ኣብ ስርዓተ ቅዱስ ቅዳሴ ምስተገብሩ፣ ብዙሓት ምልክታት ካብ ሰማያት ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ኣብያተ ክርስቲያን ወደይ ክግለጹ ኢዮም።** ኩሎም እቶም ኣዒንቶም ከፊቶምን ኣእዛኖም ኣንቂሖምን ዝጸንሑ፣ ንሕርቃን ወደይ ክስሕትዎ ብዘይክእሉ ኣገባብ ክርእይዎ ኢዮም።

**ወደይ'ሲ ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተክርስቲያኑ፣ ንስጋኡን ደሙን ኣብ እዋን ቅዱስ ቁርባን ብምርኻስ ዳግማይ ክሰቕልዎ እንከለው ሕርቃኑ ከፍልጥ ምኽኑ ተማባጺዑ ኢዩ።** ነጎዳን በርቂን፣ ብዓበይቲ ማዕበላት ተሰንዩ፣ ንሰባት በኣኢጋሮም ተሰኪሙ ኬውድቖም ኢዩ። መቕጻዕቲታት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ክፈሱ ኣብ ዝርኣዩሉ ሓጥያታት ሰብ ኣብ ዝጽረጉሉ ግዜ፣ ብዙሓት ዕልቕልቓት ክርኣዩ ኢዮም።

ባሮት ሓጥያት - ዋላ እቶም ንወደይ ዜፍቅሩን ንቅዱስ ቅዳሴ እሙናት ኬይኖም ዝጼንሑን - ሽዑ ድማ እቲ ጽያፍ ምስ መጽኤስ እቲ ፍልልዩ ኣይክፈልጥዎን ኢዮም። ዘክሩ፣ እቲ ቅዱስ ቅዳሴ ዝካየደሉ ምኽንያት'ሲ ንሞት ወደይ ንምዝካርን ሓቀኛ ህላወ ወደይ መታን ክፍለጥን ኢዩ። ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ነቲ ሓቂ ኣይክእመኑሉን ኢዮም እቲ ሓድሽ ስርዓት ቅዳሴ ድማ ጽምብል ኣረሜን ከኸዉን ኢዩ። እቲ ዕለት ብሕጂ ኢዩ ክመጽእ፣ ብሃንደበትን ከይተጸበይዎን ክመጽእ ኢዩ - ምንቅስቓስ እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ኣዝዩ ቅልጡፍ ከኸዉን ኢዩ። **ሕጂ ኢዩ እቲ ግዜ ምድላው። ኩሎም እቶም ነቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ቁርባን እሙናት ኮይኖም ዝጸንሑን ንቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ዝኽተሉዎን ቅዱሳት ኣገልገልቲ፣ ምድላዋቶም ሕጂ ክጅምሩ ኣለዎም።**

**ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ሓቀኛ ኬይንኩም ንኽትጸንሑስ፣ ንመጓስኡ መግቢ ሂወት ክትቅልብዎም ክትዳለዉ ኣለኩም - ንሱ ድማ እቲ ቅዱስ ቁርባን ኢዩ። እዚ ኢዩ እቲ ንየሱስ ክርስቶስ ኬነገልግለካ ኢና ክትብሉን፣ ስጋኡን ደሙን ብመንገዲ ቅዱስ ቅዳሴ ነቶም ድሕነት ዝደልዩ ክትቅርቡ ዝኣተኹሞ ሙብጽዓ።** እዚ መብጽዓ ክሳብ እታ መወዳእታ መዓልቲ ክኽበር ኣለዎ።

ነቶም ኣብ ቅድሜኹም ዘለዉ ግዜያት ኣይትፍርሕዎም፣ እቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንሓጥያት ቅቡል ንምግባር ንቅዱስ ስሙ ክጥቀሙሉ እንከለዉን ንኹሉ ቅቡል ከምዝኸዉን ክገብርዎ እንከለዉን፣ ንኹሉ ሰብ ካብ ስጋኡን ደሙን ክሕርሙዎ እንከለዉ። ብዝካኣለኩም መንገዲ ንወደይ ምግልጋልኩም እንተቐጺልኩም እዚ ብዙሕ ኣይከገድስን ኢዩ።

ብሰላም ኪዱ፣ ኩሉኹም ንወደይ ኤተፍቅሩ ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ከም እትባረኹ ተስፋ ሒዝኩም፣ መታን ነቲ ሓቂ ፈሊኹም ክትፈልጡ ክትክእሉ።

ብርኽቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**እቶም ኣርባዕተ ክፋላት ዓለም ኢለ ዝዛረበለን እተን ኣርባዕተ ዓበይቲ ግዝኣታት ኢየን - ኣሜሪካ፣ ሩሲያ፣ ኤውሮጳን ቻይናን**

ሰሉስ፣ መስከረም 24, 2013 ሰዓት 11፣18

**ኣዚኺ ዝተፈቕርኪ ጓለይ፣ እቶም ኣርባዕተ ክፋላት ዓለም ኢለ ዝዛረበለን እተን ኣርባዕተ ግዝኣታት ኢየን - ኣሜሪካ፣ ሩሲያ፣ ኤውሮጳን ቻይናን ኢየን። ኩሉ እቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ ትንቢት ነዚኦም ሓያላን ዘጠቓልል ኢዩ፣ ኣብ ዙርያኤን ኢዩ ኩሉ እቲ ኣብ ሃይማኖታዊን ፖለቲካዊን ቅርጽታት ዝመጽእ ናዕቢ ዘጋጥም።**

ሶርያን ግብጺን፣ ብመንገዲ ኣብ ሃገራተን ዘሎ ዘይምርግጋእ፣ ንኣርባዕቲኤን ርእሰ ሓያላን ዘሳትፍ ዝዓበየ ውግእ ዘቀላጥፋ ክኾና ኢየን። ነፍሲ ወከፍ እዚኤን ሓያላት ሃገራት ተዛሚደን ሕቡር ስርዓት ክምስርታ ኢየን፣ እዚ ድማ ንኣህጉራዊ ሃብትን ህዝብን ኣብ ምቁጽጻር ክጥቀማሉ ኢየን።

እቲ ሃይማኖታዊ ውግእ ማእከል ናይ'ዚ ቁጽጽር ክኸዉን ኢዩ፣ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያነይ ዝተሸሙ መራሕቲ ክሳዓሩን ክድምሰሱን ኢዮም፣ ነቲ ንኣርባዕቲኤን ግዝኣታት ዝቆጻጸር ኣራዊት መታን ከዳልዉሉ። **ካብ'ቶም ንቃል እግዚኣብሄር ዝቃወም ወይ ንደቂ እግዚኣብሄር ክድምስስ ዝፍትን፣ ሓደ'ኳ ካብቶም መራሕቲ፣ ኣስማቶም ኣብ መጽሓፍ ህያዋን ካብ ዝተመዝገበ ንኸወስድ ብእግዚኣብሄር ስልጣን ኣይክዋሃቦን ኢዩ።** ብዛዕባ ክርስቲያናትን ንሳቶም ንዓይ ሓቀኛ ኳይኖም ክጸንሑ ከምዘድልዮም ክዛረብ እንከለኹ፣ **ንኣይሁድ እውን ክጠቕስ ኢየ፣ ምኽንያቱ እቲ ዝከላኸለሎም ሚኪኤል ሊቀ-መላእኽቲ፣ ክሕልዎምን ነቲ ከም ሕሩያት ህዝብታት እግዚኣብሄር ክሓልፍዎ ዝግባእ ምስጓግ ክጻወርዎ ክሕግዞምን ኢዩ።**

ናይ እግዚኣብሄር ውጥን ሕጂ ተፈጢሩ ኣሎ፣ ኩላቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲን ጻድቃናትን ሕጂ፣ ኣብ'ቲ ንኹሎም እቶም ዘፍቅሩኒ ከሕብሮምን ካብ'ቲ ንዓለም ንምዕሻዋ ተፈጢሩ ዘሎ ዓብዪ ምትላል ክሕልዎምን ዘለኒ ተልእኾ ንክሕግዙኒ ይዳለዉ ኣለዉ። ብዓሌት ወዲ ሰብ ኣንጻር እግዚኣብሄር ዝቖንዎ ክፍኣት ከም ሎሚ ጌሩ ፈጺሙ ተዋሃሂዱ ኣይፈልጥን። **ብመንገዲ ሓይሊ ገቢቱ ብምቁጽጻር፣ ፈጺሙ ከም'ዛ ኣብ'ዛ እዋን ታሪኽ ጌሩ መዋቲ ሰብ'ሲ ብዙሕ ስቅያት ከውርድ ክኢሉ ኣይፈልጥን።** ዓብዪ ምስጓግ ኣንጻር ደቂ እግዚኣብሄር፣ ብፍቓደኛ ደገፍ ኣብ ዓበይቲ ስልጣን ዘለዉ፣ ስልጣን ዝጸምኡ ክፉኣት ሰብኡትን ኣንስቲን ብሰይጣን ዝተፈጠረ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ይግሃድ ኣሎ። እንተኮነ ግዳ፣ ስለዝተዓሸኹም'ሲ ብዙሓት ካባኻትኩም ክትርእዩ ኣይትኽእሉን።

ናትኩም የሱስ

**ብዙሓት ረሲዕምኒ ኢዮም፣ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ድማ ኣይግደሱለይን ኢዮም**

ሶኒ፣ መስከረም 24, 2013 ሰዓት 18፣00

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኣዝዮም ብዙሓት እንኮላይ እቶም ንቅዱስ ቃለይ እሙናት ዝኾኑ ከይተረፈ ምሳይ ዘሕልፍዎ ግዜ ኣዝዩ ሒደት ብምዃኑስ ክሳብ ክንደይ ብሕታውነት ከም ዝስማዓኒ። ንኣቓልቦኦም ከመይ ከምዝናፍቖ፣ ዋላ ንሓንቲ ህሞት ኣብ መዓልቲ። ብዙሓት ረሲዕምኒ ኢዮም፣ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ድማ ኣይግደሱለይን ኢዮም። ምሳይ ብምዝርራብኩም፣ ንሓጺር ግዜ ጥራይ፣ ጸጋታተይ ኣብ ልዕሌኹም ከምዘፍስስ ኣይትፈልጡን ዲኹም? እቶም ምሳይ ብምዝርራቦም ምቾት ዝህቡኒ - ንዕኦም ብዝቐለለ ዝኾነ መንገዲ - ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ዓለም ዘይርከብ ውሽጣዊ ሰላም ይኸስቡ።

**ደድሕሪ ፍታውኩም፣ ምቾትኩምን  ዝቕስቅሰኩምን ኣብ እትስዕቡሉ፣ እቶም ነትጉታት ዕግበትኩም'ሲ ሓጺር ኢዩ ዕድሜኦም። ዋላሓደ፣ እንኮላይ እቶም ዝዓበዩ ዓለማውያን ግምጃታት፣ ኣይከዕግቡኹምን ኢዮም።** ብሳላይ ኢዩ - ብሳላ ዓብዪ ምሕረተይ - እቲ ዝዓበየ ግምጃ ዝተዋህበኩም - ህያብ ብዓብዪ ክብሪ ዝተመልኤ ሂወት፣ ኣደነቕቲ ከባቢታት፣ ፍጽምነት ዝመልአ ማሕለፍያ ዝኾነ ኣካልን ነባሪ ዝኾነ ፍቕሪ ክስማዓኩም ምኽኣልን፣ እዚ ክበዝሓኩም ኢዩ፣ እንተኾነ እልቢ ዘይብሉ ሓጎስ ከምጽኣልኩም ኢዩ። እዚ ዘልኣለማዊ ሂወት ኢዩ፣ ንዓኹም ናብ ሓዳስ መንግስተይ ኣብ ምድሪ ዘምጽኣኩም ግዜ ድማ ቀሪቡ ኣሎ።

**ምሳይ ኣብ እትዛረቡሉን ነታ ዓባይ ዕለት ከዳልወኩም ኣብ እትሓቱኒን ግዜ፣ ክትዳለዉ ኢኹም፣ እንተኾነ ነታ ዓባይ ዕለት ጎይታ ካባኹም ዝሕተት ዘበለ ለውጢታት ኬተማልኡ ግዜ ይወስድ ኢዩ።**

ከም መርዓትን መርዓዊን፣ ቅድሚ'ታ ዓባይ ዕለተ-ባርኾት ኩሉ ነገር ኣዳሊኹም ክትጸንሑ ኣለኩም። ንስድራኹም፣ ኣዕሩኽትኹም፣ ኣዝማድኩም ኣጸቢቕኩም ኣቐዲምኩም ኬትዳልውዎም ኣለኩም። ኣብ'ታ ዕለት ሽዑ፣ ነዚ ክብሪ ዝመልአ መሰጋገሪ ክርኢ ከመጽእ እንከለኹ፣ ብኽልቴኡ ብኣካልን ብመንፈስን ድሉዋት ክትኮኑ ኣለኩም፣ መታን ኣብ'ታ ሓዳስ ገነት ክትኣትዉ ብቑዓት ኬንኩም ክትጸንሑ።

ንነፍሲ ወከፍ ናይ ካልኦት ድልየት ክትመልኡ እትሓልፍ መዓልቲ፣ ብውሑዱ ዓሰርተ ደቓይቕ ኣብ'ታ መዓልቲ ንሓጥያትኩም ክትንስሑ ግዜ ክትፈልዩ ኣለኩም። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ኣነ ስለዘፍቅረኩምን መርሓባ ስለዝብለኩምን። ምሳይ ብግቡእ ንክትረዳድኡ፣ ኩልግዜ ኣብ ቅድሜይ ክትመጽኡ እንከለኹም'ሲ ኣብ ትሕቴይ ከም ትሑት ኣገልጋሊ ክትቀርቡ ኣለኩም። **ኣብ ቅድሜይ ክትብርከኹ ከለኹም ወይ ድማ ብልብኹም ምሳይ ክትረዳድኡ እንከለኹም፣ ኩልግዜ ከምዚ ኢልኩም ጀምሩ፣**

**"የሱስ ይቕረ ግበረለይ፣ ሓጢኤ ኢየ'ሞ።"**

**ድሕሪ'ዚ፣ ህላዌይ ክስማዓኩም ኢዩ፣ ኣነ'ውን ኣብ ነፍሲኹም ክነብር ኢየ።** ዝበዝሕ ግዜ ናባይ ኣብ እትምለሱሉ፣ ዝያዳ ኣብ ቀረባይ ክትኮኑ ኢኹም። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ድማ፣ ኣነ ከም'ቲ ብዘይ ብእኡ ክትነብሩ ዘይትኽእሉ ዓይነት ዓርክኹም ክኸውን ኢየ። ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ ንእሽቶ ነገር ናባይ ኬተብሉ ኢኹም፣ ኣነ'ውን ክህልወልኩም ኢየ። እቶም ምሳይ ግዜ ኤተሕልፉስ ዓበይቲ ሞገስ ከምእትዋሃቡን ባርኾታተይ ድማ ህድኣተ-ነፍሲን ናይ ኣእምሮ ሰላምን ከምዘምጽኡልኩም ኩልግዜ ኬረጋግጽ ኢየ። ነቶም ዘናድዩኒስ ቅጽበታዊ መልሲ ከምዝህብ ዘክሩ።

ናትኩም የሱስ

**ንሓድሽ ዘመን ኣረሜንነት መሪጾም ንዓይ ዝራሕርሑ ክርስቲያናት’ሲ ወይልኦም**

ሰሉስ፣ መስከረም 24, 2013 ሰዓት 22፣44

**ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ነፍሲ ወከፍ ሂወት ዘለዎ ነፍሲ ኣብ ሂወቶም ንእግዚኣብሄር ናይ ምንዳይ ሓያል ሃውር (ተፈጥሮኣዊ ዝንባለ) ኣለዎ። እቶም ንፍቕሪ እግዚኣብሄር ብኣዝዩ ንጹህ መልክው ዝረኸቡዎ ዘበሉ እዚ ህያብ ይዋሃቦም፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ትሕትናኦምን ኲሉ ክብሪ ናይ እግዚኣብሄር ኢዩ ዝብል ሓቂ ምቕባሎምን ኢዩ።**

**ኣረሜናት፣ በቲ ሓደ ወገን፣ መንፈሳዊ ሰላም ኣብ ዝደልዩሉ፣ ኣብ ክንዲ ንፈጣሪኦም፣ ንፍጥረት እቲ ሓቀኛ እግዚኣብሄር የናድዩ።** ኣብ ክንዲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፣ ኣቦይ፣ ኩሉ ዝካኣሎ፣ ፈጣሪ ኩሉ ነገር፣ ንገዛእ ርእሶም ዘውድቑ፣ ኣብ ቅድሚ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ፍግም ይብሉ፣ እንከላይ ኣብ ቅድሚ’ቶም እግዚኣብሄር ንዓለም ዝፈጠሮም መስተንክራት - ንምድሪ፣ ንጸሓይ፣ ንወርሒን፣ ንከዋኽብቲን። ነዞም ዓበይቲ መስተንክራት የምልኹ እሞ ነዚ ብምግባሮም ዓቢ ሓይሊ ይህበና ኢሎም ይኣምኑ። እቲ ዘናድይዎ ዘለዉ’ሲ ሓደ ዓይነት መንፈሳዊ ምንቕቓሕ ኢዩ፣ እዚ ድማ ሓጎስን ሰላምን ከምጽኣልና ኢሎም ኢዮም ተስፋ ዝገብሩሉ። **ብዙሓት ሽዑ፣ ብመንገዲ ምስትንታንን ዮጋን፣ ኣእምሮኦምን ነፍሶምን ከፊቶም እቲ ክፉእ መንፈስ ክብክሎም የፍቅዱሉ።** እቲ ብጌጋ ዝኣምኑዎ’ሲ ብዘይካ ካብ ልዑል እግዚኣብሄር ዝመጽእ ሓደ ካልእ ሓይሊ ነቲ ሃረር ዝብሉዎ ሰላም ኬምጽኣሎም ኢዩ።

**ሕጂ ሓደ እግዚኣብሄር ጥራይ ከምዘሎ ፍለጡ። ካልእ ዝኾነ መልክዕ ኣምልኾ ማዕረ ኣረሜንነት ኢዩ።** እቲ ዝብሉዎ ወይ ነቲ ዝገብርዎ ብኸመይ የመኽንይዎ ብዘየገድስ፣ ሰይጣን ነፍሲታቶም ክወርር ይዕድሙዎ ኣለዉ፣ ሓንሳብ መእተዊ ምስ ረኸበ ድማ፣ ንሱን እቶም ንሱ ዝልእኮም ጭፍራታቱን ነተን ነፍሲታት ኣይክገድፉወንን ኢዮም። ነዚኤን ነፍሲታት ከሳቕይወን፣ ብሓሶት ክመልኡወንን፣ ህያብ ከምዝውንና ኬእምኑወን ኢዮም። **ገለ ብከም ብዓል ሬይኪ (ኢዶም ኣብ ልዕሊ ሕሙም ሰብ ብምንባር ንፍውስ ኢና ዝብሉ) ብዝኣመሰሉ ግብሪታት ንኻልኦት ኬነሕዊ ንኽእል ኢና ኢሎም ይኣምኑ፣ እንተኾነ እቲ ዝገብርዎ ነገር’ሲ ንኻልኦት እንኮላይ ነቶም ንጹሃት ምብካል ኢዩ። መንፈሳዊ ህያብ መታን ክስሕቡ ኣረሜናት ኬዝሙ እንከለዉ፣ እዚ ሰላም የምጽኣልና ኢዩ ይብሉ። ብዙሓት ነዚ ክኣምኑ እንከለዉ፣ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ – ሓንሳብ እቲ ክፉእ መንፈስ ኣብ ኣእምሮኦም ምስ ኣተወ – ክህወኹን ዕረፍቲ ዝበሃል ክረኽቡ ከምዘይኮኑን ፍለጡ።** ንሳቶም ኩሉ ዓይነት ሓጎስ ህዋሳት ብቐጻሊ ክደልይዎ ኢዮም’ሞ እቲ ብምላሹ ዝረኽቡዎ ግን ደልሃመት ነፍሲ ኢዩ።

ኣረሜንነት ሕሱም ሽብር የምጽእ፣ ኣብ’ተን ናብ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዝጽውዓ ናይ ሓሶት ጣኦታት ዘምልኻ ምድርታት፣ ቁጥዔ ኣቦይ የውርዳ። ብዙሓት ካብዚኤን ነፍሲታት ዝገብርኦ ኣይፈልጣን ኢየን፣ እንተኾነ ብመንገዲ እቲ ኣብ ነብስታቶም ዝወድይዎ ስልማታት ኣለልይዎም፣ ነብስታቶም ኣብ ኣዒንቲ እቶም ነምልኾም ኢና ዝብሉ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ከም ቅዱሳት መዕቆሪ ስለዝሓስቡዎም። ፍቕሪ፣ ትሕትና ወይ’ውን ንኻልኦት ኢልካ ዝግበር ውልቃዊ መስዋእቲ ኣይክህሉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ንህዋሳቶም ጥራይ ስለዘምልኹ። ነፍሲታቶም ህያብ እግዚኣብሄር ምዃነን ኣይርድኡን ኢዮም፣ ስለ’ዚ ድማ ፍጹምነት ንምርካብ ኣብ ዝገብርዎ ምስዓብ ኣሕሊፎም ይህቡወን፣ ነዚ ፍጹምነት ድማ ፈጺሙ ናቶም ክኸዉን ኣይክእልን ኢዩ።

ኣብ’ቲ እዋን መጠንቐቕታ፣ ኣብ ውሽጢ’ዘን ነፍሲታት ነቲ ናይ መን ምዃነን ሓቅነት ኬበራብሮ ኢየ። ናይ ምሕረት ኢደይ ንኽቕበሉዋ ጸልዩሎም። ንሓድሽ ዘመን ኣረሜንነት መሪጾም ንዓይ ዝራሕርሑ ክርስቲያናት’ሲ ወይልኦም። ንሳቶም እቶም ምሕረተይ ዘይደልዩን ኣብ ትርጉም ኣልቦ ጨብረቕረቕ ዝብሉን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ጉዳይ መንፈሳዊነት ናይ ምቁጽጻር ሓይሊ ከምዘለዎም ክኣምኑ እንከለዉ ንኣነነቶም ይምግበሎም ስለዝኾነ። በዚ መንገዲ ንውልቃዊ ፍጹምነት ኣብ ዘናድዩሉ፣ ንነብሶም ሙሉእ ብሙሉእ ካብ እግዚኣብሄር ይቖርጹዋ ኣለዉ። ከም’ዚ ብምግባሮም፣ ነቲ እከይ ማዕጾ ይኸፍቱ፣ ንሱ

ብመንገዲ ማሪታዊ መብጽዓታት ኬስድዖምን ኬዐንዝዞምን ኢዩ፣ እዚ ድማ ናብ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ዘይስስነሉ ምብዳም ነፍሲታቶም ይመርሕ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ክትስቀል እንከላ፣ ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ንቃል እግዚኣብሄር ብቓልዕ ክእውጁ እኹል ትብዓት ክህልዎም**

ረቡዕ፣ መስከረም 25, 2013 ሰዓት 12፣15

'ዛ ጓለይ፣ ስቕለት ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ኣጸቢቑ ብሓቂ ጀሚሩ ኣሎ፣ ኩሉም ምልክታት እውን ክራኣዩ ጀሚሮም ኣለዉ። ልክዕ ከም'ቲ ወደይ ኣብ መስቀል ብመስማር ክሸንከር እንከሎ፣ ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ጥራይ ኢዩ ምስኡ ክሳብ መወዳእታ ዝጸንሐ፣ ልክዕ ከምኡ ድማ ውሑዳት **ካብ'ዞም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ደቀ መዛሙርቱ ኢዮም ምስጢራዊት ኣካሉ ኣብ ምድሪ፣ ክትዝመት፣ ክትሳጎግን፣ ክትጸንትን እንከላ ክከላኸሉ ክርኣዩ ክደፍሩ።**

ካብ'ቶም ንወደይ ተኣማንነቶም ማሕላ ዝኣተዉ ኣዝዮም ሒደት ኢዮም መግረፍቱ ዝተዓዘቡ ወይ ናብ ጎቦ ቀራንዮ ክድይብ እንከሎ ኣብ ጎኑ ዝሰጎሙ። ኣርባዕተ እሙናት ደቀ-መዛሙርቲ - ዘመደይ ማርያም፣ ማርታ፣ ማርያም መግደላዊትን ዮሃንስን - ጥራይ ኢዮም ኔሮም ኣብ'ቲ ሕሱም ስቅያት ወደይ ክርእየሉ ኣብ ዝተገደድኩሉ ዝደገፉኒን ዝሓገዙኒን። ብዙሓት፣ ብመንገዲ እዞም ንዓለም ዝዋሃቡ ዘለዉ ቅዱሳት መልእኽቲታት፣ ንመምርሒ ወደይ ክቕበሉ ኢዮም፣ ምድራዊት **ቤተ ክርስቲያን ወደይ ክትስቀል እንከላ፣ ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ንቃል እግዚኣብሄር ብቓልዕ ክእውጁ እኹል ትብዓት ክህልዎም።**

ኣብ'ዚ እዋን ዘለኒ ጓሂ ኣዝዩ ዓብዪ ኢዩ፣ እቲ ኣብ ላ ዛሌትን ኣብ ፋቲማን ኣብ ዝተገለጽኩሉ ኣቐዲመ ዝነገርኩኹም ኩሉ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኩሉኹም ይገሃድ ኣሎ፣ እንተኾነ መብዛሕትኹም ዕዉራት ኢኹም። እቶም ኣብ ኣዝዮም ቅዱሳት ቦታታተይ መጺኹም ሰዓታት ኣብ ቅድሜይ ዝወፈኹም፣ንዓይ ነዴኹም ነቲ ሓቂ የዒንትኹም ክኸፍተልኩም መጺኹም ክትሓቱኒ ኣለኩም። ልብታትኩምን ነፍሲታትኩምን ንወደይ ክውፍየን ክትሓቱኒ ኣለኩም፣ እንተዘይኮይኑ ንስኻትኩም'ውን ክትጠልሙዎ ኢኹም።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**እግዚኣብሄር ኣቦ፦ ክፋእ ከየስፋሕፍሕ ከተማታት ክድምስስ እንተለኒ፣ ክፍጽሞ ኢየ**

ሓሙስ፣ መስከረም 26, 2013 ሰዓት 17፤55

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ ናይ ፍትሒ ኢደይ ኣብ ልዕሊ ዓለም ወሪዳ ኣላ፣ ነቶም ንደቀይ ዝሃስዩ ድማ ክቐጽዖም ኢየ፣ ብስጋን ብነፍሲን። ንቁጥዔይ ክትፈርሕዎ ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ንምሕረተይ ክትቅበሉ ኣለኩም።

**ኲናታት መታን ከይጋደዱ ኣብ ሃገራትኩም ጣልቃ ክኣቱ ኢየ፣ እኩይ ከየስፋሕፍሕ ከተማታት ክድምስስ እንተለኒ፣ ክፍጽሞ'የ።** ክፍኣት ሰብ ከም ቫይረስ ከስፋሕፍሕ እንከሎ፣ ነዜኤን ነፍሲታት ኣብ ክልተ መቒለ፣ ክወቕዖም'የ። እቶም ክፉኣት ሓጥያታት ምንጻል-ጥንሲ፣ ኲናት፣ ቅትለትን፣ ቅጥፈት ናይ'ቶም ኣብ ምስፍሕፋሕ ሓጥያት ዝሕግዙ ከመይ የስገድግዱኒ። ዋጋ ናቱ ሕጂ ክኸፍሉ ኢዮም።

**እቶም፣ ንምህላው ምንጻል ጥንሲ ዝቆጻጸሩ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ጽፍሒ ዘለዉ፣ ንሳቶም ቀዳሞት ዝቕጽዑ ክኾኑ ኢዮም።** ሕጂ ተጸበዩ፣ ነቶም ኣብ ቅድመይ ዘፍቅድዎም ጭካነ ከመይ ከምዝሳቐዩሉ ሕጂ ክትርእዩ ኢኹም። እዞም ንህዝቢ ዓለም ብምንጻል ጥንሲ ከጽንቱ ውዲት ዝኣልሙ ጉጅለታት፣ ብኢደይ ተሳቒዮም ክሞቱ ኢዮም። ኣብ መወዳእታኡ ፍትሒ ክበጽሖም ኢዩ፣ ምኽንያቱ ድሕሪ ደጊም'ሲ ከም'ዚ ዓይነት ክፍኣት ኣብ ልዕሊ ደቀይ ኬውርዱ ኣይክፍቅደሎምን ኢየ። እቲ ዝህቡዎ ዕቡይ ምኽንያት፣ ንረብሓ ደቂ ሰብ ኢና ንገብሮ ዝብልዎ፣ ትም ከም ዝብሉ ክኾኑ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ካባይ ነብሶም በቲኾማ ኢዮም፣ ሕጂ ድማ ነፍሲታቶም ኬድሕኑስ ሒደት ግዜ ጥራይ ኢዩ ዘለዎም።

**እቶም ንደቀይ ሓቅታት እተን ወንጌላት ከምህሩ ሓላፍነት ዝተዋህቦም ነዚ መብጽዓ'ዚ ክሰምዑ ኬድልዮም ኢዩ። ነቲ ሓቂ ክትነግሩ ከለኹም'ሲ ክብ ኬብለኩም ኢየ፣ ንቅዱስ ቁርባን እንተራኺስኩም ወይ ኣብ እተራኽሱሉ እዋን ግን፣ ናብ ማዕሙቕ ክስንድወኩም ኢየ።** እቶም ሓሰውቲ ኣድላይነት ምቕያር እቲ ሓቂን ንዓኹም ኬእምንኹም እንከለዉን፣ ከሳጉኹም እንከለዉ፣ እዚ ፈጺሙ ከም'ቲ ኣነ ኣብ ሙሉእ ዓለም ዘስፍኖ ደልሃመት ኣይክኸዉንን ኢዩ። ሽዑ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ክኼውን ኢዩ፣ እንተኾነ ዝኾነ ዝሰምዓኩም ኣይክህሉን ኢዩ። ድሕር'ዚ እትርእይዎ ወይ እትሰምዕዎ ነገር ኣይክህሉን ኢዩ፣ እንተኾነ ብምኽንያት እቲ ንነፍሲታት እቶም ንስኹም እትመርሕዎም ቅዱሳት ኣገልገልቲ ክሳብ ዝጉልብብ ዘራሰንኩሞ ክሕደተ-እምነት፣ ናይ ዝተደምሰሳ ነፍሲታት ቃንዛ፣ ንዓኹም ክስማዓኩም ኢዩ።

ንቁጥዔይ ፍርሑዎ፣ ምኽንያቱ ሃንደበት ኣብ ልዕሌኹም ክወርድ ኢዩ'ሞ፣ ሽዑ'ሲ ድሮ ንዓኹም ግዜ ሓሊፍኩም ኣሎ። **ገጻይ ፈጺምኩም ኣይክትርእዩዎን ኢኹም። ንኩሎም መራሕቲ እቶም ንምድራውያን ኣብያተ ክርስቲያነይ ዝቆጻጸሩወን፣ ነዚ ናይ መወዳእታ መጠንቐቕታ እህብ ኣለኹ።**

ስለ ቃል እግዚኣብሄር ዘይምምካትን ቅዱስ ቁርባን ክቕጽል ምግባር ዘይምኽኣልን፣ ሞትን ቅብጻትን ኬምጽእ ኢዩ። ብጸላእተይ ተፈልዮም ንዝተቐመጡ ነፍሲታት ክትድምስሱ ግዜ ኣይክህበኩምን ኢየ።

ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

እታ ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያንይ ካብ ሮማ ክትስጎግን ንብዙሕ ዓመታት ድማ ጽምዋ ኬተሕልፍን ኢያ

ቀዳም፣ መስከረም 28, 2013 ሰዓት 15፣23

**ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ነቶም ብኣይ ዝኣምኑ ግን ብዛዕባ ምቕራብ ዳግማይ ምጽኣተይ ዝፈልጡዎ ንዘይብሎም፣ ቅድሚ እታ ዓባይ ዕለት ኣብ ዘለዋ እዋናት ነቶም ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ዝተነበዩ ምልክታት ኩልግዜ ትኩራት ክኾኑ ኩልግዜ ኣዘኻኽርዮም።**

**እቲ ዓቢ ክሕደተ-እምነት እቲ ናይ መጀመርያ ምልክት ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ሓቂ ምእማን - እቲ ቃል እግዚኣብሄር - ዝጠፍኣሉ ግዜን ሓጥያት ኣብ ሙሉእ ዓለም ኣብ ዝናኣደሉን ግዜ ኢዩ።** እቲ ዳግማይ ምጽኣተይ ኣዝዩ ዝቐርበሉ ግዜ እቲ ዓብዪ ክሕደተ-እምነት ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያንይ ካብ ውሽጣ ተበጊሱ ክዕትዕታ እንክሎ ኢዩ። እቶም ንቤተ ክርስቲያንይ ክመርሑ ብኣይ ተሼምና ዝብሉ ጉንዖ ክረኽቡ ኢሎም ኣብ ዓለማዊ ጉዳያት ክሳተፉ ክትርእዩ እንክለኹም፣ እቶም ለውጢታት ከም ዝጀመሩ ክትፈልጡ ኢኹም። እቲ ዓብዪ መስዋእቲ - ስቕለተይ - ኬካትዕ እንክሎን ንቁርባነይ ብዝምልከት ሓደስቲ ትርጉማት ክዋሃቡዎ ክጅመሩ እንክለዉ፣ ቤተ ክርስቲያንይ ናብ በረኻ ክትስጎግ ምኳና ክትፈልጡ ኢኹም።

**ቤተ ክርስቲያንይ ክብል እንክለኹ፣ እቶም ካብ'ቲ ሓቂ ዘይእለዩን፣ ከም ቀደሞም ቃል እግዚኣብሄር ምቕባሎም ዝቕጽሉን ማለተይ ኢዩ። እታ ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያንይ ካብ ሮማ ክትስጎግን ናይ ብዙሕ ዓመታት ጽምዋ ድማ ኬተሕልፍ ኢያ።** በቶም ኣረሜን ክትርገጽን ክትሳቐን ኢያ፣ ግን ብጸጋ ናተይ፣ ብምልእታ ክትጸንሕን እቶም ክሓድጉኒ ዝኣበዩ ተባዓት ነፍሲታት ድማ ፍሉይ ህያባት ብኣይ ክዋሃቡ ኢዮም። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓስከሬን ቤተ ክርስቲያንይ ፉንፉናት ነገራት፣ ከም፣ 'ተኣምራት' ተባሂሎም ዝጽውዑ፣ ምፍዋስን ናይ ሓሶት ትሕትናን ፍቕሪ ደቅሰብን ክርኣዩ እንክለዉ፣ እቶም ሓቀኛ ተኣምራታዊ ምትእትታዋት ብኣይ ክርኣዩ ኢዮም። ብመንገዲ  ናይ ገድሊ ጸሎት ጉጅለታተይ፣ ነቶም ዘባጭዉሎምን ዘላጉጹሎምን፣ ህላዌ እቲ ቅዱስ መንፈስ ኬርእዮም ኢየ። ብዙሓት ተኣምራት ንናይ ጸሎት ጉጅለታተይን፣ ነቶም ንፍቑራት ደቀ-መዛሙርተይ ንሃይማኖታዊ ምስጓግ ክጻወሩዎ መታን ክሕግዙዎም ነተን ጸሎታት ከም ህያብ ንዝደግሙን ክዋሃባ ኢየን።

እዚ ዝዛረበሉ ዘለኹ ምስጓግ ብቐንዱ መንፈሳዊ ኢዩ። ሓቀኛ ደቀ መዛሙርተይ፣ እዚኦም ክብል እንክለኹ ኣብ ኩሉ ካብ ዘለዋ ኩለን ጉጅለታት ክርስትያናት ዝኾኑ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝወርድ ዓብዪ ምትላል ክርእዩ እንክለዉ ብዓቢ ጓሂ ክዕዘቡ ኢዮም። **ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ንዓለምነት ክትቕበልን ቀታሊ ዝበሃል ሓጥያት የለን ኢላ ክትእውጅን ኢያ።** ሓጥያት ኣፍልጦ ኣይክዋሃቦን ኢዩ፣ ነቶም ንጹሃት ንምትላል ድማ፣ ናብ መንግስተይ ክኣትዉ ከቢድ ከምዘይኮነ ክንገሩ ኢዮም። **ከምዞም ሕጂ ዘለዉ ዓይነት ንስሓታት ክተርፉ ኢዮም።** ሰባት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ድሕነት ክሓቱ ክንገሩ ኢዮም፣ ብኽምዚ ድማ፣ ብዙሓት ንይቕሬታይ ክሓቱ ኢሎም ከማን ኣይክሽገሩን ኢዮም። ነዚ ኣይክገብርዎን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ድማ ሓጥያት ኮነ ኢልካ ኢዩ ዝፍጸም ኢሎም ምቕባል ክገድፉዎ ኢዮም'ሞ፣ በዚ ምኽንያት እግዚኣብሄር ንኹሉ ይቕሪ ክብል ኢዩ ክብሉ ኢዮም። እዚ ኢዩ እቲ እቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ ጌጋ፣ ንሱ ድማ ንሚልዮናት ናብ ገሃነመ እሳት ክመርሕ ኢዩ፣ ናብኡ ድማ በቲ ናይ ሓሶት ነብዪን እቲ ጸረ-ክርስቶስን ክምርሑ ኢዮም።

**ኣብ ቀረባ እዋን፣ ኩሉ ናይ ኣረሜን ድግሳትን በዓላትን ኣብ ውሽጢ'ተን ኣብ ኩሉ ዘለዋ ካቶሊካውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ክካተቱ ኢዮም። ኣረሜናትን እቶም ጽልኣት እግዚኣብሄር ዘለዎምን ኣብ ቅድሚ ቤተ መቕደስ ኣብ ዘለዉ መሰውኢታት ክዕደሙ ኢዮም።** እዚ ድግስ እዚ ሓድሽ ስርዓት ሕብረት ኢዩ ተባሂሉ ክንገር ኢዩ - ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ናይ ሓድሕዶም እምነትን ሰብኣዊ መሰላት ኬኽብሩ ዝራኸቡሉ። ንስኹም፣ ተኸተልተይ፣ ነዞም ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዝርከብ ህላዌይ ኬጥፍኡ ዝደልዩ ክብረት ኬተርእዩ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣረሜንነት እንተዘይተቐቢልኩም፣ ጸረ-ክርስትና ተባሂልኩም ክትክሰሱ ኢኹም። ብኽምዚ ኢኹም ኩሉኹም ክትዕሸዉ። ብኽምዚ ኢየ ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክራኸስ። ልክዕ ከምኡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ክገብሩ ኢዮም፣ መታን ክርስትና ዘይሕጋዊ ክገብርዎ። ኣብ ፖለቲካውያን ዓንኬላት እውን ከምኡ

ክገብሩ ኢዮም፣ ዝኾነ ምሳይ ርክብ ዘለዎ ነገር ክድምሰስ ኢዩ። ዝኾነ ካልእ ሃይማኖት ብኸም'ዚ ዓይነት ጽልኢ ግዳይ ኣይክኸዉንን ኢዩ። ክርስትና፣ እቲ ሓቂ ንሱ ብምዃኑ፣ ክድምሰስ ኢዩ።

እቲ ንስኹም ዘይትግንዘብዎ'ሲ፣ ፍቓደኛታት ተኻፈልቲ ናይ'ዚ ክፉእ ምርኻስ ብምዃንኩም፣ ነፍሲታትኩም ደልሃመት ክመልኤንን፣ ድሕነት ገዛእ ርእስኹም ክትጥንጥንዎን ኢኹም።

ጥለሙኒ፣ ይቕረ ክብለልኩም ኢየ። ክሓዱኒ፣ ይቕረ ክገብረልኩም ኢየ። እንተኾነ፣ ኬተራኽሱኒ እንከለኹምን ነቲ ኣራዊት ተኣማንነትኩም ክትምሕሉ እንከለኹም፣ ካባይ ፈጺምኩም ክትንጸሉ ኢኹም፣ ንምሕረተይ ምቕባል ድማ ዘይካኣል ኮይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም።

ናትኩም የሱስ

**እቶም ናይ ቤተ ክርስቲያን ሜይሰነሪ (ማሕበር ነዳቕ) ኣብ ውሽጢ’ታ ኣዝያ ዝተቐደሰት ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ሕጂ ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ስልጣን በጺሖም ኣለዉ**

ሶኒ፣ መስከረም 30, 2013 ሰዓት 15፣45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ **ኲሎም ቅዱሳት ኣገልገልተይ ኣብ ግሉል ሱባኤ ክሳተፉ መጸዋዕታ ክመጾም እንከሎ ኬስተብህሉ ከሓቶም ኣለኒ፣ ምኽንያቱ እዚኦም ሱባኤታት ዝመጹሉ ምኽንያት ኣብ ሓድሽ ማሕላ ተኣማንነት ክሰማምዑ መታን ኬእምንዎም ኢዮም፣ ኣገልገልተይ ከምኡ ክገብሩ እንተተሰማሚዖም ድማ ነቲ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ዝኣተዉዎ ኣዝዩ ዝተቐደሴ ማሕላኦም ዋጋ ኣልቦ ክገብሮ ኢዩ።**

እቶም ናይ ቤተ ክርስቲያን ሜይሰነሪ (ማሕበር ነዳቕ) ኣብ ውሽጢ’ታ ኣዝያ ዝተቐደሰት ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ሕጂ ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ስልጣን በጺሖም ኣለዉ፣ **ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ ናቶም ሓድሽ ስርዓተ ቅዳሴ ኬስገድዱ ኢዮም፣ እዚ ድማ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ፍቓደይ ምእባይ ክኸዉን ኢዩ። ብጸላእቲ እግዚኣብሄር ተፈጢሩን፣ ከም ንክርስትና ክእግዱ ዝደልዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ንኽጥዕም ተባሂሉ ዝተገብረ ሓድሽ ምውህሃድ ተሓቢኡ፣ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ካብ ምቕራቡ ዝተላዕለ ብዙሓት ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ዘለዉ ክግረሙ ኢዮም።** ከም’ዚ ዓይነት ጽያፍ ክርእዩ እንከለዉ ክቐንዘዉ ኢዮም፣ ግን ድምጺታት እሙናት ኣገልገልተይ ኣብ ሓፋሽ ኣይክስማዕን ኢዩ፣ ምኽንያቱ፣ እቶም ሜይሶናውያን (ማሕበር ነዳቕ) ኢዮም እዚ ሓድሽ ስርዓተ ቅዳሴ ብኹሉ መዳዩ ከመይ ከምዝርኤ ዝቆጻጸሩዎ። ኣብ ሙሉእ ዓለም ብዘላ ሃገረ-ስብከት ዝላዓል ነፍሲ ወከፍ ተቓውሞ ክንጸግን ክውገድን ኢዩ። እቲ ዝቐርብ መመኽነይታ ድማ እታ ቤተ ክርስቲያን ካብኣ ንዝወደቑ ሓደስቲ መንእሰያት ነፍሲታት ክትምልምል የድልያ ኢዩ ዝብል ኢዩ። ንዓለማዊ ክፋል ዓለም ሰሓብቲ ብምዃን፣ እዚ ብዙሓት ሰባት ብመንገዲ ሓድሽ ስርዓተ ቅዳሴ ከምዝኣምኑ ክገብር ኢዩ ክብሉ ኢዮም።

ኦ ክሳብ ክንደይ እዚ ጽያፍ’ዚ መታለሊ ክኸውን ኢዩ፣ ከምኡ’ውን ክንደይ ነዚ ሓሶት ከምዝወድቁ፣ እዚ ድማ ንኣዝዮም ብዙሓት ካብ’ቲ ሓቂ ኣርሒቑ ክወስዶም ኢዮም። **እቲ መጽሓፍ ሓቂ ንነብዩ ዳንኤል ኣቐዲሙ ተነጊርዎ ኢዩ፣ መታን ደቂ እግዚኣብሄር፣ ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝግብታ ዘሎ ሓሶት ክጥሕሉ እንከለዉ ፣ ነቲ ሓቂ ፈጺሞም ከይርስዕዎ።**

ነቲ ብምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ተደንጊጉ ንዘሎ ሓቂ ተቐበልዎ። **ነቶም ብቅዱስ ስመይ ክትቅበልዎም ዜገድድኹም ሓደስቲ ሕግታት ኣይትቀበልዎም፣ ንሶም ማለት ርኽሰት ማለት ኢዮም።**

ናትኩም የሱስ

**ሓደ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ በዒንተይ እንታይ ቅዱስ ከም ዝገብርም ብዝምልከትʼሲ ጌጋ መረዳእታ ኣሎ።**

ረቡዕ፣ ጥቅምቲ 2፣ 2013 ሰዓት 22፣15

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ሓደ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ በዒንተይ እንታይ ቅዱስ ከም ዝገብርም ብዝምልከትʼሲ ጌጋ መረዳእታ ኣሎ።

ኣብ ምጽላይ ምስ መጻኻ፣ ብዙሓት ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰባት እቲ ብእምነት ክርስትና ምንባር ምቕባል ይኸብዶም። **ብዙሓት ጥዑያትን ሰናይ-ሓሳብ ዘለዎምን ሰባት፣ ካብኦም ዝጽበ ነገር ንኽርድኡ መታን ክሕግዞምʼሲ፣ ብጸጥታ ኮፍ ኢሎም ንዓለም ንዝሃብኩዎም ዓበይቲ ትምህርቲታተይ ብሰላማዊ ምስትንታን ክሓስቡዎም ከቢድ ኮይኑ ይረኽቡዎ። ዓበይቲ ሕቶታት የብለይን። ነፍሲታት ሰዓታት ኣብ ቅድሜይ ኬባኽኑ ኣየገድድን ኢየ፣  ኮይኑ ግን ትሑታት ነፍሲታት ከምʼዚ ክገብራ እንከለዋ ኣዝየ ይሕጎስ ኢየ - እንተኾነ ዘይዝውቱር ነገር ኢዩ።**

ምስ ደቂ እግዚኣብሄር ከምʼዚ ዓይነት ጥቡቕ ውልቃዊ ዝምድና ኢየ ኬማዕብል ዝምነ። እቲ ዝደልዮ ነገርʼሲ፣ ኣብʼቲ ውልቃዊ ሓሳባትኩም፣ ጓሂታትኩም፣ ሓጎሳትኩም፣ ጭንቀታትኩም፣ ውድቀታትኩምን ንዓይ ክትናፍቑ እንከለኹምን፣ ንእሽቶ ድምጽኹም ናባይ ክትጽውዕ እንከላ ክሰምዕ ኢዩ፣ መታን ህላወይ ከርእይ ክኽእልን ንስኻትኩም ክትርእዩንን።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ታሪኽ ዓለም፣ ከምʼዚ ሕጂ ኣብ ውሽጢʼቶም ሕጂ ዘናድይዎ ነፍሲታት እግዚኣብሄር ከምዘሎ ብመንገደይ፣ በቲ እንኮ ወዱ፣ ክስምዖም ኣይፈቐደን። **ብሓይሊ እግዚኣብሄር፣ እቲ ኣቦ፣ እቲ ልዑል እግዚኣብሄር - ኣብ ቅድሚʼቶም ኣዝዮም ትሑታን፣ ኣዝዮም ዘይብቑዓት፣ ኣዝዮም ዝተደናገሩ፣ መንፈሶም ኣዝዩ ዝተሳቐየ፣ ከይተረፈ፣ ህያብ መረጋጊኢ ህላዌይ ክህበኩም ቀሪበ ኣለኹ።** ነዚ ከመይ ኢየ ዝትግብሮ? ምሳኹም እራኽብ ከምዘለኹ ከመይ ክትፈልጡ ኢኹም? **መጀመርያ ብንብዓት ምቕያር እምነት ክመልኣኩምየ። ንስቕለተይ ዳግማይ ንስኹም ክትሓልፉዎ እንከለኹም ዓብዪ ጓሂ ክስማዓኩም ክጅምር ኢዩ። ኣብ መዓልታዊ ኩነታት ከይተረፈ ንሂወት በዒንተይ ክትርእዩዋ ክትጅምሩ ኢኹም። ናብʼቶም ድሮ ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ ካልኦት ክትሳሓቡ ክትጅምሩ ኢኹም።**

እቶም እትኣምኑ ዝያዳ ብቑዓት፣ ዝያዳ ቅዱሳት፣ ዝያዳ ብሩኻት፣ ዝያዳ ኣደብ ዘለኩም ኢለ ኣይመርጽን ኢየ። እቶም ናባይ ብሙሉእ ትሕትና ዝመጹ፣ መታን ናተይ ፍቓድ ክኸውን ንነጻ ፍቓዶም ብፍቓዶም ንዝራሕርሑ፣ ንዕኦም ጥራይ ኢየ ዝመርጽ።

ብሓቂ ተፍቅሩኒ እንተኼንኩም፣ ሓቀኛ ሰላም ክትፈልጡ ኢኹም። ብሓቂ ተፍቅሩኒ እንተኼንኩም፣ ከምʼዚ ክትብሉኒ ኢኹም፥-

***“የሱስ ፍቓድካ ጥራይ ኢዩ  ካብ ኩሉ ዜገድሰ። ነጻ ድሌተይ ናትካ ኢዩʼም ከምʼቲ ክትገብሮ እትደሊ፣ ከምኡ ግበሮ።”***

ነፍሲ ከምዚ ክትብለኒ እንኮላ፣ ሓቀኛ ኣገልገልቲ ናተይ ኢዮም፣ ነቶም ካልኦት ትርጉም ምሳይ ምሕባር ኬይእመኑ ነቓጻት ዝኾኑ ነፍሲታት ዜድሕነሉ ምኽንያት ድማ ንሶም ኢዮም።

እቲ  ንኹሉ ሰብ ብኣቦይ ዝተዋህቦ ነጻ ፍቓድ፣ ንዓይ ንወዱ ተመሊሱ ክውፈየለይ እንከሎ፣ ብዙሓት ነገራት ክገብር እኽእል ኢየ፣ ተኣምራት እውን ክፍጽም እኽእል ኢየ። እዚ፣ እቲ ኣራዊት ናብ ስልጣን ክመጽእ እንከሎ፣ ንሓይሉ ንምድምሳስ እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ኢዩ። ናባይ ምጹ እሞ ነጻ ፍቓድኩም ነቦይ ሃቡዎ፣ መታን ንዓሌት ወዲ ሰብ ናጽነት ኬተምጽኡ። በጃኹም ነዚ ዝስዕብ  ፍሉይ ጸሎት ገድሲ ድገሙ፥-

**ጸሎት ገድሊ (123) ህያብ ነጻ ፍቓድ ንእግዚኣብሄር፣**

*ዝኸበርካ የሱሰይ፣ ካባይ ካብ ሓደ ዘይብቑዕ ነፍሲ ነዚ ጸሎት ስማዕ'ም፣ ዝያዳ ኬፍቅረካ ሓግዘኒ። ብገዛእ ነጻ ፍቓደይ፣ ነዚ ህያብ መሊሰ ንዓኻ ይውፍየልካ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ፣ መታን ትሑት ኣገልጋሊ'ኻ ክኸውንን ንፍቓድ እግዚኣብሄር ምእዙዝ ኲይነ ክጸንሕን።*

*ፍቓደይ ፍቓድካ ኢዩ። ትእዛዝካ ማለት'ሲ ኣነ ንነፍሲ ወከፍ ድሌትካ ምእዙዝ ኢየ።*

*ነጻ ፍቓደይ፣ ነቶም ካባኻ ተፈልዮም ዘለዉ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ንዘለዉ ኲሎም ሰባት ኬተድሕን ኣብ ዘድልየሉ መታን ክትጥቀመሉ ናትካ ኢዩ።*

*ነቲ ክውሊድ እንከለኹ ንዓይ ዝተዋህበኒ ህያብ፣ ነቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ኣገልግሎትካ እህብ ኣለኹ። ኣሜን።*

ዝያዳ ክትፈልጡኒ ኣብ እትጅምሩሉ፣ ክልተ ነገራት ዝያዳ ክትርድኡ ኢኹም። ኣስተምህሮታተይ ፈጺሞም ተቐይሮም ኣይፈልጡን ኢዮም። ንኹሎም ነፍሲታት ኤፍቅሮም ኢየ።

ናትኩም የሱስ

**ጸሎት ገድሊ (123) ህያብ ነጻ ፍቓድ ንእግዚኣብሄር፣**

ረቡዕ፣ ጥቅምቲ 2፣ 2013 ሰዓት 22፣15

*ዝኸበርካ የሱሰይ፣ ካባይ ካብ ሓደ ዘይብቑዕ ነፍሲ ነዚ ጸሎት ስማዕ'ም፣ ዝያዳ ኬፍቅረካ ሓግዘኒ። ብገዛእ ነጻ ፍቓደይ፣ ነዚ ህያብ መሊሰ ንዓኻ ይውፍየልካ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ፣ መታን ትሑት ኣገልጋሊኻ ክኸውንን ንፍቓድ እግዚኣብሄር ምእዙዝ ኲይነ ክጸንሕን።*

*ፍቓደይ ፍቓድካ ኢዩ። ትእዛዝካ ማለት'ሲ ኣነ ንነፍሲ ወከፍ ድሌትካ ምእዙዝ ኢየ።*

*ነጻ ፍቓደይ፣ ነቶም ካባኻ ተፈልዮም ዘለዉ፣ ኣብ ሙሉእ ዓለም ንዘለዉ ኩሎም ሰባት ኬተድሕን ኣብ ዘድልየሉ መታን ክትጥቀመሉ ናትካ ኢዩ።*

*ነቲ ክውለድ እንከለኹ ንዓይ ዝተዋህበኒ ህያብ፣ ነቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ኣገልግሎትካ እህብ ኣለኹ። ኣሜን።*

## ስቕለት ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ክጅምር እንከሎ፣ ነቶም ኣቐዲሞም ዝተነግሩ ኩሎም ምልክታት ኬተስተብህሉሎም ኣለኩም

ሓሙስ፣ ጥቅምቲ 3, 2013 ሰዓት 22፣35

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ስቕለት ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ክጅምር እንከሎ፣ ነቶም ኣቐዲሞም ዝተነግሩ ኩሎም ምልክታት ኬተስተብህሉሎም ኣለኩም።

**ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ናተይ ኣሳቕላ ኣምሲሎም ክሰርሕዎ ኢዮም፣ ነዚ ድማ ንኣካለይ ብምርኻስ ክጅምርዎ ኢዮም። ኣብ ቅድሚ እቶም ቀተልተይ ክጎሱኒ እንከለዉ፣ ዕርቃነይ ኣውጺኦምኒ፣ መታን ኬስተናዕቑኒን ኬሕፍሩኒን። ድሕሬኡ ድማ ቀይሕ ክዳን ኣልበሱኒ - እቲ ምስ'ቲ ኣራዊት ዝዛመድ ሕብሪ። ድሕሬኡ ድማ እታ ናይ መጀመርያ መስማር መን ናብ ነብሰይ ይስምራ ብዝብል ተባኢሶም። ድሕሬኡ፣ ከም እንስሳታት፣ ንመሓውረይ መናጪቶመን ከምኡ'ውን ነእዳወይ ክሳብ ካብ መላግቦኤን ዝፍለያ መጢጦመን - መታን ዝያዳ ቃንዛ ኬስዕቡለይ። ዝያዳ ክሳቕ መታን ክገብሩ፣ ነተን መስማራት ኣብ ከብዲ ኢደይ ክስምርወን እንከለዉ እቲ ማእዝን ኣተኣታትዋ ናይተን መስማራት ብጉንቦ ኢደይ ከምዝወጻ ሽንኪሮመን። ክልቲኤን ኣእዳወይ ጠገለ ብዘይብሉ ማእዝን ተመጢጠን ነበራ፣ ከምኡ'ውን ብዘሕምምን፣ ዘይልሙድን ሰቒሎምኒ፣ እዚ ዝሓሰቡሉ ምኽንያት ድማ እቲ ዝላዓለ ቃንዛን ውርደትን መታን ኬስዕቡለይ ኢኦልም ኢዮም።**

**ነቲ ኣብ ነብሰይ ዘውረዱዎ ደማዊ ስቅያት ዝመርሑ ናይ መወዳእታ ሸሞንተ ሰባት ብዕጫ መረጹዎም።** ጽያፍ ዘመሩ፣ ጸፍዑኒን ኣጉሰጡኒን፣ ኣብ ከብደይ ረግሑኒ፣ ከም እንስሳታት ድማ ገዓሩን። ብኹሉ መንገዲ ኣመራሲሖምኒ፣ መታን ነቶም ስቕለተ-ሞተይ ዝርኣዩስ ነቶም ክፉኣት ሓሶታተይ ዝበልዎም ይቕጻዕ ከም ዘለኹ መታን ኬርእዩ። መታን ከይዛረብ ክዓብሱኒን ቃል እግዚኣብሄር ንነፍሲታት ኬይባጻሕ ክዓግቱ ክብሉስ ቀተሉኒ።

**ልክዕ ከምኡ ድማ ኣብ ቀረባ ክፍጸም ኢዩ።** ንጸላእተይ'ሲ ንኣቀራርባ ስጋይን ደመይን ጥራይ ምቕያሩ እኹል ኣይከኸዉንን ኢዩ - ንኣካለይ ሓደ ግዜ መሊሶም ኬመራስሑዎ ኢዮም። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኬራኽሱኒ ኢዮም። ቀይሕ ሕብሪ ክጥቀሙ ኢዮም፣ ኣብ ቅድሚ መስቀለይ ኣመታት ክገብሩ ኢዮም ከምኡ'ውን ብሓድሽቲ ጽምብላቶም ክጸርፉኒ ኢዮም። እቶም ነቶም ምልክታት ዘለልይዎም ጥራይ ኢዮም፣ ከመይ ኢሎም እዞም ርኽሰታት ንዓለም ብዉዕዉዕ ስምዒት ከም ዝቐርቡላ ፈልዮም ክርእዩ ዝኽእሉ፣ ኣብ ማእከል ዓብዪ ፈንጠዝያን ፈሻሕሻሕን።

**እቶም ሓደስቲ ስብከታት ትርጉም ኣልቦ ክኾኑ ኢዮም ከምኡ'ውን እቲ ዝበዝሐ ሓድሽ ስርዓተ ቅዳሴ ትርጉም ዝህብ ኣይከኸዉንን ኢዩ።** እቶም ኣስተምህሮታተይ ትፈልጡ፣ ነቶም ድሕሪ ምትእትታው ሓደስቲን ንኣስተምህሮታተይን ናይ ቀደም እምነትን ዝኽልሱ ስዒቦም ዝመጹ፣ ዘደናግሩ፣ ዘይስነሞጎታውያንን፣ ሕልኽልኽ ዝበሉ ሙሉእ ሓሳባትን ተጠንቀቑሎም። ኬደናግሩኹምን ኣብ ውሽጢ ነፍሲኹም ዓብዪ ዘይምቕሳን ክፈጥሩልኩምን ጥራይ ዘይኮኑ፣ ካባይ ካብ የሱስ ክርስቶስ ክመጹ ዘይክእሉ ግርጭታትን ሓሶታትን ዝመልኡ ክኾኑ ኢዮም።

ኣብ ምድሪ ካብ ዝተመላለስኩላ ግዜ ጀሚሩ እቲ ሓቂ ተዋሂብኩም ኢዩ። ሕጂ ድማ እቶም ካብ እግዚኣብሄር ንክትርሕቁ ዝተሃንደሱ  ሓሶታት ክዋሃቡኹም ኢዮም። ንቑሓት ከም ዘለኹም ኣረጋግጹ፣ ምኽንያቱ ክትዋሓጡን ናብ ናይ ሓሶት ኣስተምህሮ ክትውሰዱን ስለዝኼንኩም። እቲ ብጽፈት ንነዊሕ ዓመታት ዝተወጠነ ኣስተምህሮ ጸልማት፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ናባኹም ክወርድ ኢዩ። ምስ ቃለይ ዝገራጨዉ መብጽዓታት ፈጺምኩም ክትቅበሉ የብልኩምን። እዞም ነገራት ክፍጸሙ ክትርዩ እንከለኹም በቲ ናይ ክፍኣት መንፈስ ከምዝመጹልኩም ክትፈልጡዎም ኢኹም፣ ናይ ዘልኣለማዊ ድሕነት ዕድልኩም መታን ከድምስሱ።                    ናትኩም የሱስ

**ሓጥያት የለን ምስ እትብሉስ ንዓይው'ን ትኽሕዱ**

ዓርቢ፣ ጥቅምቲ 4, 2013 ሰዓት 23፣44

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ማንም ሰብ ክቃለሰኒን ዘልኣለማዊ ድሕነትን ክጽብ ኣይክእልን ኢዩ፣ ሙሉእ ብሙሉእ ንዓይ ክሳብ ስዩም ዘይበለ። ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር፣ ዓለም እቲ ናይ መወዳእታ ጻውዒተይ ኣርኪብዋ ከምዘሎ ክትፈልጠሉ ዝግባእ እቲ ግዜ እንዳቐረባ ይመጽእ ከምዘሎ ክፈልጡ ኣለዎም።

ንጻውዒተይ ፈጺምኩም ኣይትፍርሑ። መርሓባ በልዎ፣ ምኽንያቱ ኣነ፣ ፍቕሪ፣ ሰላምን ድሕነትን ከምጽኣልኩም ስለዝኾንኩ። ዕሽሽ እንተኢልኩምኒ'ሲ ንጉድኣትኩምዩ፣ ምኽንያቱ ነቲ ካብ ሰማያት ዝመጽእ ጻውዒተይ መልሲ ክትህቡ ዝህበኩም ግዜስ ክሳብ ክንድ'ዚ ጥራይ ኢዩ።

**ንስኻትኩም፣ ፍቑራት ተኸተልተይ - መን ምዃንኩም ብዘይገድስ - ኣብ ቀረባ ግዜ ነብስኹም ተገሊላን ካብ ሓቐኛ ናተይ ህላወ ተቖሪጻን ክትረኽቡዋ ኢኹም። ህላወይ፣ ቃለይን፣ ሓቀኛ ኣስተምህሮታት እግዚኣብሄርን ክስጉ ኢዮም፣ ንነብስኹም ድማ ኣብ ኣዝዩ ግሉል ኩነታት ክትረኽቡዋ ኢኹም።** እቶም፣ ነቶም ናይ ፍቕሪ ቅዱሳት መልእኽትታይ እተባጭዉን እተሰናዕቑን፣ ናይ ምትላል መንገዲ ኣብ እንዳሰዓብኩም እንከለኹም'ሲ እዚ ከመይ ይኸውን ኢልኩም እናተገረምኩም ክትተርፉ ኢኹም። ኣብ'ዚ መንገዲ ኣርሒቕኩም ብዝተጓዓዝኩም ቁጽሪ፣ ኣብ ሞንጎ ነፍሲታትኩምን ምሕረተይን ዘሎ ርሕቀት እንዳዕበኹሞ ክትከዱ ኢኹም።

ኬተፍቅሩኒ ከለኹም፣ ብኣስተምህሮታተይ ክትኣምኑ ኢኹም። ትፈልጡኒ እንተ'ኼንኩም፣ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘሎ ቅዱስ ቃለይ ኬተለልይዎ ኢኹም። ትፈልጡኒ እንተ'ኼንኩምን፣ ቅዱስ ቃለይ ብዘይ ናተይ ምትእትታው ናብ ዘይከውን ነገር ክቕየር ኬፍቅድ ኢየ ኢልኩም ትቕበሉ እንተ'ኾንኩም፣ ሽዑስ እፈልጠካ ኢየ ክትብሉኒ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ኣነ፣ ካብ ሓጥያት ኬድሕነኩም ኣብ ክንዳኹም ጨካን ሞት ዝሞትኩ፣ ወዲ ሰብ፣ ኣራጢጠ ኮፍ ኢለ ንኸምዚ ዓይነት ኩነት ሽለል ክብሎ ኢየ ኢልኩም ትሓስቡ እንተ'ኼንኩም፣ ቃል እግዚኣብሄር ትኽሕዱ ኣለኹም ማለት'ዩ።

ንሓጥያት ምስትኽሕዱስ ንዓይው'ን ትኽሕዱ። **ንሓጥያት ከም ጽቡቕ ነገር እንተተቐቢልኩሞ ወይ ድማ ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ትኹን፣ ብዘይ ዝኾነ ዕርቂ ኣነ ይምሕሮ ኢየ ኢልኩም እሙኑ እሞ፣ ድሕሪኡ'ሲ ኣብ መንግስተይ ቦታ ኣለኒ ኢልኩም ክትሓቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።** እዚ ሕጂ ኣብ ቅድሜኹም ዘሎ እዋን ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ መንገዲ ጥፍኣት ክመርሓኩም ምዃኑ የጠንቅቐኩም ኣለኹ፣ ንቅዱስ ቃለይ ሓቀኛታት ኳንኩም ክሳብ ዘይጸናሕኩም።

ቃለይ ዘልኣለማዊ ኢዩ። ንቓለይ ከም'ቲ ዝተዋህበኩም ምስ እትቕበሉዎ መንግስተይ ናትኩም ኢዩ። ክትተናኽፍዎ ድፈሩ'ሞ ወይ ንዝኾነ መልክዕ ሓድሽ ምርዓም ተቐበሉ'ሞ፣ ሽዑ ነዚ ክትሳቐዩ ኢኹም። **ሕርቃነይ ሕጂ ይዓርግ ኣሎ፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ነቲ ሓቂ ከም'ቲ ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ተጻሒፉዎ ንዝነበረ እተርእይዎ ክብረት ንእሽቶ ምዃኑ ክርኢ እንከለኹ። ዝኾነ ካልእ ሓቂ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ዝኾነ ካብ'ዚ ዝዝንብዕ ፈጺሙ ብእግዚኣብሄር ቅቡል ክኸዉን ኣይክእልን ኢዩ። ምጉት የለን። ናይ ሰብ ሓሳብ የለን። ፍሉይነት የለን። እቲ ሓቂ ንዘልኣለም ክነብር ኢዩ። ሓሶታት'ሲ ናብ ሕቖፌ እቲ ኣራዊት ክመርሑኹም ኢዮም።**

**ናትኩም የሱስ**

**ኣብ ቀረባ ግዜ ንእምነትኩም ተጠቒምኩም ኣብ ሙሉእ ዓለም ንዘለዉ ድኻታት ኬተድሕኑ ፖለቲካዊ ወፈራ ክትገብሩ ክትንገሩ ኢኹም**

ሰንበት፣ ጥቕምቲ 6, 2013 ሰዓት 23፣20

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ **ድምጺ እቲ ሓሳዊ ነቢይ ብዛዕባ ኩሉ እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያንነይ ዘሎ ቅዱስ ነገር ክዕግር ኢዩ። እንተዀነ ግዳ፣ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምዕቃብ ኣስተምህሮታት እግዚኣብሄር፣ ምስጢራት ቤተ ክርስቲያንን፣ ምእዋጅ እቲ ሓቂን ብዙሕ ኣይክበሃልን ኢዩ።** ኣብ ክንድኡ፣ ምልጋሳት ክትርእዩ ኢኹም፣ ከም ንናይ ዓለም ድኻታትን ጥሙያትን ምክንኻን ዝኣመሰለ፣ እዚ ድማ ከም ኣገልግሎት እግዚኣብሄር ከም ናይ መጀመርያ ዕማምኩም ክሕሰብ ኢዩ።

ከም ኣገልግሎቲን ሰዓብትን እግዚኣብሄር ኣብ ቤተ ክርስቲያን፣ ናይ መጀመርያ ተኣማንነትኩም'ሲ ንሓቕነት እቲ ኣነ ዝነገርኩኹም ኢዩ። ንድኻን ዝጠመየን ምፍቃርን ምርድኦምን ጽቡቕ ነገር ኢዩ፣ እንተዀነ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ንዓይ ዝማሓለቶ ካልእ ሓደ ዝዓበየ ግደ ኣለዋ። እዚ ኣብ ኩሉ እቲ ዝማሃርኩኹም ንዘሎ ሓቂ ክትምህሩ ኢዩ፣ ነዚ ድማ ክትትግብሩዎ ኢኹም፣ ብሓቂ ተፍቅሩኒ እንተኼንኩም።

**ቤተ ክርስቲያን ንሓቀኝነት ኣስተምህሮታተይ ክትምህር ተልእኾ ኣለዋ። ሓደ ክፋል ካብ ቃለይ ወሲድካ፣ ንድኻ ምሕጋዝ ዝድነቕ ኢዩ፣ እንተዀነ እዚ መስሓቲ ኢዩ፣ ኣስተምህሮታተይ ብንጹር ነቶም ናይ ነፍሲ ድኻታት ክትሕግዙ ከም ዘለኩም ስለዘቐመጠ።** ነፍሲታቶም ክፍውሱ ሓግዙዎም፣ ቅድሚ ካብ ናይ ሂወት ወጽዓ ነጻ ክዀኑ ምሕጋዝኩም። ንሓደ ድኻ ሰብ እንተዝህበኩም እሞ ክትሕግዙዎ እንተዝሓተኩም፣ ከመይ ምሓገዝኩ'ሞ? ክዳውንቲ ብምሃብ? ስድርኡ ክቕልብ ገንዘብ ብምሃብ? ወይ'ሲ ኣነ መጀመርያ ንነፍሱ ኬድሕና ምገበርኩም?

ኣብ ቀረባ ግዜ ኩሉ ኣድህቦኹም ኣብ ናይ ዓለም ድኻታት ኬተተኩሩ  ክትንገሩ ኢኹም። ገንዘብ ክትሕተቱ ኢኹም - እዚ ድማ ንናይ ዓለም ድኻታት፣ ስራሕ ኣልቦን መዕቆቢ ዘይብሎምን ንምሕጋዝ ካብ ዝተፈላለየ ምንጪታት ክውሰድ ኢዩ። **ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኩልግዜ ድኻታት ከምዜፍቅርኩ ክንገረኩም ኢዩ። እቲ ጸገም እዚ ኢዩ። ኣነ መጀመርያ ዘናድዮም ነቶም ናይ መንፈስ ድኻታት ኢዩ - ካብ'ቲ ዝጠፍኤ ሂወቶም መታን ሓራ ኬውጽኦም። እቶም ነፍሶም ዝደኸየ - እቶም ንእግዚኣብሄር ሒደት መንፈሳዊ ስምዒት ዘለዎም - ንዕኦም ኢየ ዝሃርር።** እቶም ኣብ'ዚ ሂወት ኬርእይዎ ዝኽእል ብዙሕ ዘይብሎም ድኻታት ዝዀኑ ኮይኑ ግን ንዓይ ዜፍቅሩኒ ብሩኻት ኢዮም፣ እዞም ሰባት'ሲ ፈጺሞም ድኻታት ኣይኮኑን እሞ። እቲ ንዓይ ፍቕሪ ዘይብሉ ሃብታም ሰብ፣  ካብ'ቶም ዝብላዕ፣ ዝኽደንን፣ መዕቆቢን ክደልዩ ዝተገደዱ ንላዕሊ፣ ንሱ ኢዩ ዝያዳ ፍቕረይ፣ ምሕረተይን፣ ርህራሄይን ዘድልዮ። ከመይ ከም እተፍቅሩኒን ከመይ ኬድሕነኩም ከምእሓቱኒን ብዝምልከት ኢኹም ኣቓልቦ ዘድልየኩም። እቶም ኣዕማደ ምስጢራት ነቶም ፍቕሪ ናተይ ዘይብሎም ሃብታማትን ድኻታትን ዜድሕኑ ሓይሊ ክዀኑ ኢዮም።

ኣብ ቀረባ ግዜ ንእምነትኩም ተጠቒምኩም ኣብ ሙሉእ ዓለም ንዘለዉ ድኻታት ኬተድሕኑ ፖለቲካዊ ወፈራ ክትገብሩ ኣብ ኩሉ ብዘለዉ መራሕቲ ኣብያተ ክርስቲያንነይ ክትንገሩ ኢኹም። ንዳግማይ ምጽኣተይ መታን ክትዳለዉ ክትተባብዑስ ዝበሃል ነገር ኣይክህሉን ኢዩ፣ ነዛ ዓባይ ዕለት ኬዳልውኹም ኣይክደፍሩን ኢዮም። ኣብ ክንድኡስ ብዙሕ ግዜ ንስርሓት እቲ ሓሳዊ ነቢይ ኬትኽብሩ እናሓተቱኹም ኣእምሮኹም ካባይ ኬርሕቑዎ ይመርጹ።

ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ፣ ሓወልትታት፣ ቅርሲታት፣ ወረቓቕቲ ምልክታ፣ ጣሳታት፣ ከምኡ'ውን ብትእዛዝ ሰበ-ስልጣን ዓበይቲ ቅብኣታት ናይ'ቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ተሰሪሖም ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያናት ክቐመጡ ኢዮም። ምስሉ፣ ምስ ምስሊ እቲ ጸረ ክርስቶስ ብሓባር፣ ቀስ እናበለ፣ ንብዙሓት ህዝባዊ ቦታታት፣ ንኣብያተ ክርስቲያን፣ ንፖለቲካዊ ማእከላት፣ ከምኡ'ውን፣ ኣብ እተን ባይቶታተን ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን 'ብሓድሽ ብርሃን' ከም ዝተቐበላ ዝርኣያ ሃገራት ከም ጌጽ ክኸዉን

**ኢዩ።** እዚ ሓድሽ ዓይነት ናይ ሓሶት ወንጌላውነት ክፈጥር ኢዩ፣ ንዘመናዊ ዓለማዊ ሕብረተሰብ ስለዝማርኽ ድማ፣ ካብ ሙሉእ ዓለም ኣድነቕቲ ክስሕብ ኢዩ።

ዋላ ሓንቲ’ኳ ቃል ትኹን፣ ከም’ቲ ንዓለም ዝተዋህብኦ፣ ንኣገዳስነት እተን ቅዱሳት ኣእማደ ምስጢራት፣ ወይ ድማ እቲ ንሳተን ዝህብኦ ኣገደስቲ ጸጋታት፣ ኣይክትድግፍን ኢያ። ኣብ ክንድኡስ፣ ነፍሲ ወከፈን ብዙሕ ኣገዳስነት ከምዘይብለን ክኾና ኢየን - ተወሳኺ ትርጉም ክዋሃበን ኢዩ፣ መታን ነቶም ከም ዘለውኦ ዝኽሕዱወን ንምምራኽ። እዚ ድማ እቲ ንኣእማደ ምስጢራት ብምርኻስ ዝግበር ጽያፍ፣ ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሓት ህዝቢ ብምቕራብ፣ ካብ እግዚኣብሄር ፈልዮም ንኽወስድዎም እሞ፣ እቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር መታን ምስ ዲያብሎስ ዘለዎም ውዕል ክፍጽሙ ኢዩ።

ኣብ’ዚ ግዜ ናይ ታሪኽ ንብዙሓት ኣባላት ቤተ ክርስቲያነይ ዝኾኑ ዲያብሎስ ኬታልሎም ኢዩ። ነዚ ድማ ብኣዝዩ ማራኺን ዘእምንን መንገዲ ኢዩ ክገብሮ፣ እቶም ኣገልገልቱ ነዞም ሓደስቲ ለውጢታት ኣነ ከም ዝፈቐዶም ክነግሩ እንከለዉ፣ ንሓሶታት ከም ቅኑዓት ኬሕልፎም ኢዩ። ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ብጌጋ ክጥቀስ ኢየ፣ መታን ንነፍሲታት ክኸስቡ። **ንቤተ ክርስቲያነይ ኣብሪሶም ነቶም ናባይ ኣዝዮም ዝቐረቡ ነፍሲታት ንምስራቕ ንኣስተምህሮታተይ ክጠውይዎም ኢዮም።** ሚልዮናት ነቶም ሓሶታት ክቕበልዎም ኢዮም፣ ብዘይ ዝኾነ ጭንቀት። ብእዋኑ ገለ ነገር ጌጋ ከም ዘሎ ክርድኦም ብዝብል ተስፋ’ሲ፣ ክትጽልዩሎም ይግባእ።

**መራሕቲ ክስይም እንከለኹን፣ ሓደ ዝተመርጸ ነፍሲ ንቅዱስ ቃለይ፣ ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ኬስፍሕ ምስ ተሸመ፣ እቲ ሓቂ ወትሩ ቀጥታዊ፣ ንጹር፣ ሓጺርን፣ ኣብ’ቲ ቁም ነገር ዘተኮረን ኢዩ።** ብጽልዋ ናይ’ቲ ክፉእ መንፈስ ክትሕሰዉ እንከለኹም፣ ክትደናገሩ ኢኹም። ሓረጋት ትርጉም ኣይክህባን ኢየን። እቶም ምምሕያሻት ዝበሃሉ፣ በቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ዘለዉ ጸላእተይ ዝቐርቡ ማለት ኢዩ፣ ትርጉሞም’ሲ እቲ ሓቂስ ‘እኹል’ ኣይኮነን ማለት ኢዩ።

**ቃለይ፣ ኣእማደ ምስጢራተይ፣ ኣስተምህሮታተይ ክማሓየሹ ዘድልዮም ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ካባይ ኢዮም መጺኦም።** ኣነ እግዚኣብሄር ኢየ። ኣነ ፍጹም ኢየ። ቃለይ ድማ ንዘልኣለም ክነብር ኢዩ። ዝኾነ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃለይ ዝተናኽፍ ሰብ ጸላኢ እግዚኣብሄር ኢዩ። ኣብ’ዚ እዋን ቁጥዔይ ዓብዪ ኢዩ፣ ከምኡ’ውን ዝኾነ ንኣካለይ፣ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቁርባን፣ ዜየኽብር ሰብ፣ እሞ ኸኣ ንህዝበይ እመርሕ ኣለኹ ዝብል፣ እዚ ሓቂ ዘይምኺኑ ፍለጡ። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ንዘሎ መራሒ፣ ሓደስቲ ትርጉማት ወይ መብርሂታት ብምምጻእ ንቃል እግዚኣብሄር ክቕይር ፈጺመ ኣይሓቶን ኢየ። እዚ ፈጺሙ ኣይክኸዉንን ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**እግዚኣብሄር ኣቦ፡- ሰይጣንን ጭፍርኡን ሓደ ኣዝዩ ዓብዩ ሰራዊት መልሚሎም ኣለዉ**

ሰሉስ፣ ጥቅምቲ 08, 2013 ሰዓት 15፣40

ኣዚኺ ክብርቲ ጓለይ፣ መለኮታዊ ሓይልታተይ ንኩሎም እቶም ናባይ ተመሊሶም - ብመንገዲ ወደይ - ኣብ'ዞም እዋናት ዓበይቲ ፈተናታት ኣብ ምድሪ ክድግፎም ዝሓቱኒ ተዋሂቦም ኢዮም።

**ሓጥያት ፈቐድኡ ካብ ምጉልዕልው ዝተላዕለ ሕጂ ወደይ ከም'ቲ ንነፍሲ ወከፍኩም ክብል ኣብ መስቀል ዘሕለፎ ዓይነት መሪር ስቓይ የሕልፍ ኣሎ።** ሓጥያት ካብ ምስፍሕፋሑ ዝተላዕለ ኩሉኹም ንሓጥያትን በቲ ንሱ ዘስተንፍሶን ትንፋስ ዘይትልከፉ ኴንኩም ኣለኹም። ደቀየ፣ ናባይ ክትመጹ ኣለኩም፣ እሞ ንሰላምን ፍቕሪን እትገብርዎ ምንዳይ ፈጺምኩም ኬተቋርጹ የብልኩምን። ድምጽታትኩም ናባይ ክጽውዓ እንከለዋ፣ ኣይክሰምዔንን ኢዩ ኢልኩም ፈጺምኩም ከይትሓስቡ፣ ክንዲ ዝደለየ ንኣሽቱ ዋላ ኩኑ ብዘየገድስ።

ናይ ወደይ ዳግማይ ምጽኣት ዓብዩ ዕንወት፣ ምክፍፋል፣ ዘይምትእምማንን፣ ጽልኢን ሓዘንን ክፈጥር ኢዩ፣ እቲ ሓቂ ቅዱስ ቃለይ ናብ ሓደ ሸነኽ ኣብ ዝስንደወሉ። **ሰይጣንን ጭፍርኡን ሓደ ዓብዩ ሰራዊት መልሚሎም ኣለዉ - ኣዝዩ ዓብዩን ሓያልን ሰራዊት ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ከመይ ኢሉ ከም ዝተመስረተ እንተትርእዩ ክእመን ዘሸግር ምኾነ። እዚ ሰራዊት ንስኹም ደቀይ ኣብ ሓፋሽ ንእትንገርዎ ይቆጻጸር። ካብ ሕጂ ንደሓር እቲ ሓቂ ኣዝዩ ሳሕቲ ኢዩ ዝንገረኩም።** እዚ ማለተይ ድማ ብመሰረት እቲ ኣዝዩ ቅዱስ ኪዳነይ ዝንገር ሓቂ ማለተይ ኢዩ።

እቶም ኮነ ኢልካ ንህዝበይ ንምድምሳስ ዝፍጠሩ ኲናታት ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝርኣዩሉ፣ ነታ እትነብሩላ ዓለም ዝምልከቱ ኩሎም ነገራት ብሓቂ ንዓኹም ኣይክግለጸልኩምን ኢዩ። ዋላ ሓንቲ እኳ ካብ'ዞም ኲናታት ንጽቡቕ ሰብ ኣይክኾኑን ኢዮም፣ ፍትሓውያን እውን ኣይክኾኑን ኢዮም። ካብ'ቲ ናይ መጀመርያ ነቢይ ትምኒታተይ ዝገለጸሉ ግዜ ጀሚሩ ንዓለም ዝተዋህበ ቃለይ፣ ድሕሪ ደጊም ከም ቁምነገር ኣይክውሰድን ኢዩ። **እቲ ቃል፣ ከም'ቲ ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ ዝብሎ፣ ነቲ ሓሶታት ቅቡል ንምግባር ክሽፈጥን ክራኸስን ኢዩ።**

**ንኣገልግሎት ወደይ እተጽውዑ ኩሎም ነቒሖም ክጸንሑ ግዜኡ ኢዩ።** ነዚ ንደቂ ሰብ ዝገብሮ ዘለኹ ጻውዒት ዕሽሽ ክትብልዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ኣነ፣ ብመንገዲ ወደይ፣ ዝሓተኩም፣ ወትሩ ምስኡ ብሕብረት ኴንኩም ብሓንሳብ ክትጸንሑ ኢዩ። ንስኹም ደቀይ ቀዳሞት ዒላማ ሰይጣን ኢኹም፣ ምኽንያቱ ንምድራዊት ቤተክርስቲያን ወደይ መጀመርያ ከይተቖጻጸረ ስለዘየዕርፍ። ብዘይ ቤተ ክርስቲያን ወደይ፣ ነቶም ኣዝዩ ዝሃርፎም ነፍሲታት ኣብ ምስሓብ ክፈሽል ኢዩ። ንስኹም፣ ደቀይ፣ በቲ ኣራዊት - ጸረ ክርስቶስ - ክትህሰዩን ክትሳቐዩን ኢኹም፣ እንተድኣ ነቲ ሕጂ ብጥንቃቐን ብዘይምሕረት ዝዳሎ ዘሎ ሓድሽ ኣስተምህሮ ንኽትቅበሉ ንዘገዱዱኹም ጸቕጢታት ተምበርኪኽኩም።

**ኣነ፣ ኣቦ ኩሉኹም፣ ልዑል እግዚኣብሄር፣ ኬፍልጦ ዝደሊ ነገር፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ ብጸላእተይ ኣብ ምስጢራውያን ጽምብላት ቅቡል ክኸዉን ቀሪቡ ኢዩ። ኣብ ወደይ ክምለኸሉ ዝግባእ ቦታታት፣ ድሕሪ ሕቡኣት መናድቕ፣ ቃለ-ማሕላ ስልጣን ይፍጽም ኣሎ።** እቶም ሕጂ ዝርኣዩ ናይ ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ሜይሰነሪ (ማሕበር ነዳቕ)፣ ኣብ'ዚ ጽያፍ'ዚ ኣገዳሲ ተራ ክጻወቱ ኢዮም። እቲ ዜሕዝን፣ እዚ ኩሉ፣ ንኹሎም ደቀይ ኣኪበ ናብ'ቲ ካብ መጀመርያኡ ንዕኦም ኢለ ዝፈጠርኩዎ ገነት ቅድሚ ምውሳደይ ምፍጻሙ ክኼውን ዘለዎ ነገር ኢዩ።

**መታን ወደይ ነቶም ነቲ ኣራዊት ንኽሰዕቡ ዝምሕሉ ካልኦት ነፍሲታት ኣብ ምድሓን ክትሕግዙዎ፣ ነቲ ሓቂ ኩልግዜ ክትእመኑስ፣ ናይቶም ብኣይ ዝተመረጽኩም ግደ ኢዩ።**

**እቲ ኣብ ሙሉእ ዓለም ልሙድ ዝኾነ ምስሊ ወደይ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ብምስሊ እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ክትካእ ኢዩ።** ኣብ ክንዲ ምስሊ ወደይ ምስሉ መጀመርያ ክምለኽ ኢዩ። **ብኩሉ ዓይነት መልክዓት ገዘፍቲ ምስሊታት ናይ'ቲ ኣራዊት ክሰዕብ ኢዩ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘይጥርጥር ዓለም ንዘውርዶ ነፍሲ ወከፍ ንጽል ሕላገት ድማ ነቲ ምልክቱ ዝኾነ 666 ክስርተሉ ኢዩ። ነዚ ምልክት፣ ከምዚ ሓደ ሰብ ጼርዎም ኣብ ዝኸዱ ቅዱሳት ነገራት ኣብ ርኹሳት ነገራት ተሓቢኦም ክትርእይዎ ኢኹም።** ነቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝእወጅ ማሕበር ኣብያተ ክርስትያናት ዓለም ንምምላኽ ድማ ሓደ ሓድሽ ዓይነት መቑጸርያ ክፍጠሩ ኢዮም። እቲ ሓድሽ ሃይማኖት ዓለም ዝኽበረሉ ኣገባብ ድማ፣ ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ጸሎት፣ ሜዳልያታት፣ ክታባት፣ መቑጸርያታት፣ መስቀላትን ወሲድካ ከም ናይ ጽቡቕ ዕድል መግለጺ ጌርካ ምርኻሶም ኢዩ።

ኩሉ ሰብ ነቲ ጸረ ክርስቶስ ኬፍቅሮ ኢዩ፣ ነቲ ካብ ሃይማኖት ወጻኢ ዘሎ ዓለም ስለዝውክል፣ በቲ ሓደ መዳይ፣ እንተኾነ ግዳ ኣብ'ታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ዘሎ ናይ ሓሶት ኣምሰሉ ስለዝቕበሎ፣ ነቲ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ቅዱስ ነገር ከም ዝውክል ኴይኑ ክርኤ ኢዩ።

ደቀየ፣ ናይ እዞም ፍጻመታት ዜናታት ንልብኹም ኣይረብሾ፣ ምኽንያቱ ንዓይ ኣብ እትሰምዑኒን፣ መንገዲ ወደይ ኣብ እትሰዕቡሉን፣ ካብ ዝበዝሕ'ቲ ዝመጽእ ናይ መንፈስ ስቓይ ክገላግለኩም ኢየ። ብሰይጣን ብዝትከሉ መጥቃዕቲታት ነዞም መልእኽቲታት ዘለኩም እምነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክዳኸም ኢዩ። ገሌኹም ክትርሕቁ ኢኹም። ገሌኹም ክትጠራጠሩ ኢኹም። ዝበዛሕኩም ካባኹም ንዓይ እሙናት ኴንኩም ክትጸንሑ ኢኹም፣ ኣነ ድማ ንምእዙዝነትኩም ዓበይቲ ሞገሳትን ጸጋታትን ክህበኩም ኢየ።

ደቀየ፣ ኤፍቅረኩም ኢየ። መሓሪ ክኸዉን ኢየ፣ ብመንገዲ ወደይ ንልብታትኩም ኬደዓዕስ እንተሓቲትኩምኒን፣ ሰላም መሊእኩምን ብምትእምማንን ናብ መንገዲ በሪታት እታ ሓዳስ ገነተይ ክትስጉሙ ክሕግዘኩም እንተሓቲትኩምኒን፣ ንጻውዒትኩም ክምልሰልኩም ኢየ።

ኣፍቃሪ ኣቦኹም

እግዚኣብሄር ልዑል ኣምላኽ

**ተዛነዩ፣ ኩሉኹም፣ እሞ እግዚኣብሄር ከም ወርትግ ሓያል ምዃኑን፣ ዝኾነ ግብሪ፣ ደረጃ ክፍኣቱ ብዘይገድስ፣ ብእግዚኣብሄር ዘይጭፍለቕ ከምዘየለን ፍለጡ**

**ዓርቢ፣ ጥቅምቲ 11, 2013 ሰዓት 22፣30**

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንመልስኺ እንዳተጸበኹ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲን ነፍሲ ወከፍ ደቒቕን ኣብ ጎንኺ ከምዝስጉም ፍለጢ። ነዚ ተልእኾ ኢልኪ ስራሕ ዝበዝሓኪ ግዜያት ኣለዉ፣ እተኾነ ግን ወትሩ ንዓይ፣ ንየሱስኪ ዝኸዉን ግቡእ ግዜ ክትፈልዪ ኣለኪ። ኣነ ኩልግዜ ከምዘለኹን ነቶም ናባይ ዝጽውዑ'ውን ኩልግዜ ከም ዝምልሰሎምን ዘክሪ። ዋላሓደ ነገር ካብ ምሳይ ምጉዓዝ ክፈልየኪ የብሉን፣ ምኽንያቱ እቲ ንዓይ እትህብዮ ግዜስ ዓበይቲ ጸጋታት የውህበኪ ኢዩ።

ሎሚ እቶም ኩሉኹም ንብምልእታ ዓለም ሕጂ ብመንገዲ እቲ መጽሓፍ ሓቂ እዛረባ ከምዘለኹ እትቕበሉ፣ ነብስኹም ከተዳልዉዋ እሓተኩም ኣለኹ። መልእኽትታተይ'ሲ ስግኣት፣ ጭንቀት ወይ ራዕዲ ኬምጽኡልኩም ኣይተፍቅዱ። **ካብ ኣባይትኹም ሃዲምኩም ናብ መዕቀቢታት ክትኣትዉ ክሓተኩም ኢየ ኢልኩም ኣይትእመኑ፣ እዚ ትእዛዝ ካባይ ኣይመጽእን ኢዩ እሞ። እቶም መዕቀቢታት ኢለ ዝዛረበሎም'ሲ እቶም ቅዳሴን ቅዱሳት ምስጢራትን ክትቅበሉሎም ክትከዱዎም ዝግባእ ቦታታት ኢዮም።**

ኣብ ሙሉእ ዓለም፣ ነታ መዓልታዊ ስርዓተ ቅዳሴ ዘይካየደላ ዕለት፣ ቅዱሳት ኣገልገልተይ ሕጂ ይዳለዉ ኣለዉ።

**ወትሩ ነቲ ብሩኽ ማሕተም ህያው ኣምላኽ ኣብ ቤትኩም ኣቐምጡ፣ ከምኡ'ውን ብዝኾነ ዓይነት መልክዕ ኣዳሊኹም ምሳኹም ሒዝኩሞ ተዛወሩ። እዚ ካብ ዝኾነ ዓይነት ምስጓግ ክሕልወኩም'ዩ፣ ከምኡ ድማ ንእግዚኣብሄርን ንኹሉ'ቲ ኣብ ኣዝዩ ቅዱስ መጽሓፍ ብንጹር ተቐሚጡ ዘሎን እሙናት ኴንኩም መታን ክትጸንሑ ዘድልየኩም ጽንዓት ክትረኽቡ ኢኹም።**

ተዛነዩ፣ ኩሉኹም፣ እሞ እግዚኣብሄር ከም ወርትግ ሓያል ምዃኑን፣ ዝኾነ ግብሪ፣ ደረጃ ክፍኣቱ ብዘይገድስ፣ ብእግዚኣብሄር ዘይጭፍለቕ ከምዘየለን ፍለጡ።

**እቶም ካባኻትኩም ንጻውዒተይ ክትምልሱ እትመርጹ ብሩኻት ኢኹም። ንስኻትኩም፣ ብመንገዲ ንጎረቤትኩም ዘለኩም ፍቕራዊ ተግባር፣ ኣብ ዝኸድኩሞ ኩሉ ንማሕተም ህያው ኣምላኽ ኬተባጽሑዎ ኢኹም።** ሕጂ ከም'ዚ ክትገብሩ ኣለኩም። ብኣይ እመኑ። ድቃስ ኣይትስኣኑ፣ ምኽንያቱ ኣነ ፍርሒ ኣይኮንኩን ዘስፍሕ። ኣነ ዘስፍሕስ ነቲ ሓቂ ኢዩ፣ እዚ ድማ ንገሊኦም ክዕብልሎም ይኽእል ኢዩ። ኣነ ሓላዊኹም ኢየ፣ መድሓኒኹም ኢየ፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ ነቲ ናይ መወዳእታ ድሕነትን ነታ ክፋእ ዘይብላ መጻኢት ዓለም ኬምጻኣልኩም ክመጽእ ኢየ። ሰላም ይሃልኹም። ኣብ ቅድሚኹም ኣብ ዘለዉ ኩሎም ፈተናታት ድማ ንኩሉኹም ክመርሓኩምን ክሕልወኩምን ኢየ፣ ከምኡ'ውን ህያብ ጽንዓት ክህበኩም ኢየ።

ናትኩም የሱስ